# ሳልሳይ ምዕራፍ

## ቤተ ክርስቲያን ካብ 12-16 ዘመን

### ምዕባለ ገዳማት ኤርትራ

ኑባሬ ገዳም (ገዳማዊ መነባብሮ) ግብረ ብሕታዊ ስርዓተ ምንኩስና (ፍልስና) ናብ ሃገርና ኣብ ኣጋ እቲ ኣብ ግብጺ ዝተ መስረተሉ ዘመን ብኡ ንብኡ ከይደንገየ ከም ዝተኣታተወ፡ ቅድሚ'ቶም ኣብ ምድረ ኣግኣዚት፡ ማሕበራዊ ስርዓተ ገዳም ኣስፊኖም ዝብሃሉ በዓል ኣቡነ ሊባኖስ፡ ኣባ ዮሓኒ፡ ተስዓቱ ቅዱሳን ከም ዝጸንሑ ካብ ዘመልክቱ መረዳእታታት ብ319 ፈ. ኣቢሉ ገዳማት ግብጺ ዝበጽሐ ጳላድዮስ ምስ ኣባ ሙሴ ዝተባህሉ ዓቢይ መነኮስ ሓበሻ ከም ዝተራኸበን ድሕሪ'ዚ ብዙሓት ሰዓብቲ (ኣርድእት፡ ደቀ መዛሙርቲ) ሓዲጎም ኣብ 75 ዓመት ዕድሚኦም ከም ዝዓረፉን ይገልጽ።

ቅዱስ ኢዮራም (ሄሮኒሙስ፡ Jerome ራብዓይ ዘመን) ብወገኑ፡ ኣብ ቤተ ልሔም (ሃገረ ኢየሩሳሌም) ከሎ ካብ ኵሉ መኣዝናት ዓለም ካብ ዝመጹ ነጋድያን ኢየሩሳሌም ብዙሓት መነኮሳት ደቂ ምድረ ሓበሻ ከም ዝነበሩዎም ኣብ ጽሑፉ ኣስፊሩዎ ይርከብ።[1]

ስርዓተ ምንኩስና ኣብ መንጎ ራብዓይ ሻዱሻይ ዘመን፡ ብኸባቢ ኣህጉረ መዲተራንያን ወይ ሂሌኒካዊ ክፍለ ዓለም ኣውራ ኸኣ ብግብጽን ሶርያን ኣቢሉ በብእዋኑ ከም ዝመጸን ከም ዝተለ ምደን ጽሑፋት ብሩና ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያንን ወጻእተይናታት ጸሓፍቲ ታሪኽን የረድኡ።

---

[1] H.C.Ch.E. p. 35-36.

ኣብ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ዝርከቡ መጻሕፍተ ብራና ከም ዝገልጽዎ መብዛሕትኦም ቀዳሞት መስረትቲ ማሕበረ መነ ኮሳት ምስ ገዳመ ኣባ ጳኵሚስ ዘግብጽ ኣብ ዘመነ ኣባ ጳኵሚ ስን ሰዓብቱን ዝተተሓሓዘ ኮይኑ ይርከብ። ኣባ ሊባኖስ መጣዕ፡ ኣባ ዮሓንስ ከማ፡ በብጊዜኡ ምስ ኣባ ጳኵሚስ (ዕረፍት 346 ፈ) ሰራዒ ማሕበረ መነኮሳት ተራኺቦም ናብዚ ዞባ'ዚ መጺኦም ክስ ተምህሩ ከም ዝተነግሮም ይጥቀስ።[2]

እዞም ክልተ ቅዱሳን ብዝተወደበ ኣገባብ ነፍስ ወከፎም ገዳማት ከም ዘቖሙን ቀዳሞት መስረትቲ ማሕበረ መነኮሳት ኣብ ኤርትራ ምዃኖምን ካብ'ዘን ክሳዕ ሎሚ ዘለዋ ገዳማት ኤር ትራ ደብረ ሲናን ሃም ደብረ ወርቅን ድማ ናይ ፈለማ ገዳማት ኤርትራ ከም ዝኾናን ይፍለጥ።[3]

መሰረተ ምንኵስናን (ፍልስና) ምናኔን ኣብ መምርሒ ቅዱስ እንጦንዮስ (250-355ፈ) ኣበ መነኮሳት፡ ናብራ ብሕትውና ኣብ ኣብነታዊ ተግባር ኣባ ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን፡ ስርዓተ ማሕበር ዘመነኮሳት ኣብ ቅዋም (ቀዋሚ ትእዛዝ) ኣባ ጳኵሚስ ሰራዒ ማሕበር ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ካብ'ተን መጀመርታ ካብ ቋንቋ ግሪኽ ናብ ቋንቋ ግእዝ ዝተተርጎማ መጻሕፍቲ ኢየን። ካብኡ ጀሚሩ ገዳማት፡ ልቢ ቤተ ክርስቲያን መነኮሳት ድማ ጺ ቤተ ክርስቲያን ተባሂሎም ይነብሩ።

ኣመሰራርታ ገዳም ክርእ ኸሎ ብሓደ ወገን ንኣስተምህሮን መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ብሓባር ዝተሰለፉ መነኮሳት (መራሒ ምስ ሰዓብቱ) ተኣኻኺቦም ሓደ ፍሉይን ቀዋምን ኣድራሻ ወሲ ኖም ዝዋፈሩሉን ዝቕመጡሉን ዝተወደበ ስሉጥ መስርሕ ዝፍ ጸሞ ገዳማዊ ናብራ ኮይኑ፡ ብኻልእ መዳይ ናብ ከምዚ ዝበለ ኣገ ባብ ቅድሚ ምብጻሑ፡ ፈለማ ሓደ ሓደ መነኮሳት በይኖም

[2] C.E. vol. 3 p. 990-991.
[3] C.E. vol. 3 p. 992.





ውሑዳት ደቀ መዛሙርቲ (ኣርድእት) ሒዞም ኣብ ጽምዋ በረኻ ኣብ በዓቲ ወይ ንእሽቶ መጽለልን መዕቀልን ሰሪሖም ፍረታት ኣእዋምን ሓምለ ቘጽልን ማእረሮም እናተመገቡ ምስኡ ጐድኒ ንጐድኒ ኣስተምህሮን መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ንምሃብ ብመጠኑ ሕዝቢ ናብ ዝነብረሉ ኸባቢ፡ ቀልቀል እናበሉ ቃለ እግዚኣብሔር ይገልጹ፡ ኣብኡ ካብ ሕዝቢ ምግቢ ዕለት፡ ክዳን ዓመት ይልገ ሰሎም፡ ተመሊሶም ናብ ሰፈሮም ይኸዱን ናብራ ብሕትውና የካ ይዱን። ኣብዚ ኸምዚ ዓውደ ፍጻሜታት ሕዝቢ ጸሎት ክግበረ ሎም ቤተ ጸሎት ክስርሓሎም፡ በረኸት ክረኽቡ ብብምምሕጻን ክቀራረቡዎም ይጅምሩ፡ ኣብ ርእሲኡ ደቀ መዛሙርቲ እናተ ወሰኹዎም ብዝሒ ይረኽቡ።

እዞም ባሕታውያን መነኮሳት ብወገኖም ኣስተምህሮኦም ከወ ፍዩ፡ ስነ ምግባር ከስፍኑ፡ ተጋድሎኦምን ጻዕሮምን የዘውትሩ። ሽዑ ዝናኦም ክሳብ ርሑቕ እናተሰምዐ፡ ብተግባሮምን ብምህሮኦ ምን ዝተመስጡ ሰባት ከምኣቶም ክኾኑ እናተመላለሱዎምን እና ተጸግዑዎምን፡ ኣብ ምውህሃድ ሓሳባት ይብጻሕ፡ ኵነታት፡ ካብ ብሕትውና ናብ ብዙሕነት ምስ ተሰጋገረ ምዕሩይን ሰፊሕን ኣገ ልግሎት ዝህቡሉ ብቐዋምን እናተመላለሱን ንሕዝቢ ዘስተም ህሩሉ መዋፈርን ንሓዋሩ ዝኸውንን ቦታ መሪጾም ዓለማውያን ካብ ዝሰፈሩዎ ዓዲ፡ ፍንትት ኢሎም ኣብ በረኻ ኣብ ጎቦ ሓደ ነባሪ ገዳም፡ ወይ ደብሪ ይምስርቱ። ብሓባር ዝነብሩሉን ዘገልግሉ ሉን መምርሒ ተቐቢሎም ድማ ነፍስ ወከፎም በብኽእለቶም ከም ንህቢ ይዋፈሩ።[4]

ገዳማት እምበኣር ናይ ብሕትውናን ምናኔን መካናት ጥራሕ ዘይኮናስ፡ ነንኸባቢኣን ስብከተ ወንጌል ዘካይዳ፡ ካብ ቀረባን ርሑ ቕን ዝመጹ መንእሰያትን ኣባጽሕን ዝመሃሩለን፡ ክሳዕ ሎሚ ቅኔ ወሲኸ ብስነ ጽሑፍ፡ ብዜማ፡ ብመጽናዕቲ ቅዱሳት መጻሕፍትን

[4] Ch. S. E. p. 111-112.

ሕገ ቀኖናን ብቑዕ ትምህርቲ ዝወሃበለን፡ ናይ ትምህርቲ ማእከላት፡ መጻሕፍቲ እናተተርጐሙን እናተቐድሑን እናተባዝሑን ካብኣን ናብ ከባቢኣን ዝዝርግሑ፡ ኣብ ምዕባለ ኽርስትና ዓቢይ ግደ ዘበርክታ፡ መነኮሳተን ኣብ ምዕቃብ መሰረተ እምነት ክርስትና ጥራሕ ከይተወሰኑ ናይ ስነ ጽሑፍን ስነ ጥበብን ምህዞ ናብ ትውልደ ትውልድ ዘወራርሰለን፡ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዘለወን ናይ ባህሊ ማዕከናት ኢየን።[5]

መናንያን ዓለም፡ መነኮሳት ዝነብሩዎ ናብራን ዘሕልፉዎ ገድልን ከመይ ከም ዝመስል ኣብ ገድላተ ቅዱሳን ተጻሒፉ ይርከብ እቲ ነፍስ ወከፍ ቅዱስ ኣብ መጽሓፈ ገድሉ ዝተገልጸ ምግናን ዘይኮነ፡ ሓቅነቱ ብዓይኖም ዝረኣዩ ወጻእተይናታት ጸሓፍቲ ታሪኽ ይምስክሩ፡ ፖርቱጊዛዊ ፍራንቸስኮ ኣልቫሬጽ ብ1520 ፈ. ኣብ ገዳማት ተዘዋዊሩ ዝረኣዮም መነኮሳት፡ "ምግቦም፡ ቈጽለ ገዳምን ፍረታት ኣእዋምን ክዳኖም ማቕ፡ ወጮ፡ ሻሕካር፡ ሓርፋፍ ቈርበት እንስሳ፡ ሰንሰለት ወይ ዓንኬላዊ ሓጺን (ጋጋተ ሓጺን) ዝቕነቱ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ቀይሞም ከይተዋሳወሱ ወይ'ውን ኣብ ማይ ዘለዎ ቐዝሒ ኮይኖም ብዘይ ድቃስ ዝሓድሩ ወይ ድማ ንሽሙ ሰለም ዘብሉ፡" እናበለ ብዓቢይ ገድሊ ዝነብሩ ምዃኖም የደንቕ።[6]

ካብ ክፍላ መበል 14 ዘመን ንነጀው፡ ገዳማት ሓበሻ፡ ኣብ ክልተ ኽፍሊ ተመቒሎም ቤተ ኤዎስጣቴዎስን (1273-1352 ፈ) ቤተ ተክለ ሃይማኖትን (1213-1312) ይብሃሉ።

ንመብዛሕትኦን ሎሚ ዘለዋ ገዳማት ኤርትራ ዘቖሙ ቅዱሳን መንፈሳዊ ወላዲኦም ወይ ኣበ ምንኵስናኦም ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ (ኣቡነ'ታትዮስ) ስለ ዝኾኑ፡ ዝነበራን ዘለዋን ገዳማት ኤርትራ፡ ብቤተ ኤዎስጣቴዎስ ይምእከላን ይውከላን።

ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ብምንኵስና ዘለዎም ሓረገ ትውልዲ፡

[5] Abys. p. 33. * C.E. vol. 3 P. 992.
[6] C.E. vol. 3. p. 993-994.





ብንውሕ ዝበለ ካብ'ቶም ቀዳማይ ተኻሊ ገዳማትን ሰራዒ ማሕበረ መነኮሳትን ኣብ ኤርትራ ዝኾኑ፡ ኣቡነ ሊባኖስ ጻድቕ ዝወረደ ተዋርሶ ኣስኬማ (መዓርገ ምንኵስና) ብሕጽር ዝበለ ኽኣ ካብ ኣባ ይስሓቕ ዘታኺታ ዝተተሓሓዘ ሰንሰለታዊ ወለዶ መንፈስ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ብመንፈሳዊ መዳዩ ክኸውን ከሎ ብሕዝባዊ ወገኑ ድማ ምስ ናይ ነዊሕን ሓጺርን (ርሑቕን ቀረባን) ፍልሰተ ሕዝበ ኣገው ወይ ቢለን ዝዛመድ ዓውደ ታሪኽ ዝፈጠሮ ርከባት ዘምስል ረቂቕ መትንታት ኣሎ።

ኣብ ቤተ መንግስቲ ዓምደ ጽዮን ንጉስ ኢትዮጵያ ብዝተኸስተ ዘይስነ ምግባራውን ኣንጻር ሕጊ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ መንጎ ቤተ ክህነትን እቲ ንጉስን ዘይምቅዳው ተፈጢሩ፡ ምእንቲ ሓቅን ጽድቅን ካልኦት መምህራን ቤተ ክርስቲያን ፈቐዶ ህልም ዝበለ ኣጻምእ ቆላታትን በረኻን ክሕየሩ ኸለዉ፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዝመርሑዎም ወገናት፡ ካብ ወሰናስን ግዝኣቱ ክርሕቑ ተፈሪዶዎም ናብ ኤርትራ መጹ። ናይ ብዙሕ መጻሕፍቲ ተመሳኺሩን ተጠርኒፉን ታሪኽ ብሕጽር ዝበለ ብኸምዚ ዝስዕብ ይግለጽ፡-

ኣብ ኢትዮጵያ ንጉስ ዓምደጽዮን፡ ምኽሪ ጠንቈልቲ ሰሚዑ፡ ንሰበይቲ ወሰን ኣቦኡ ዛን መንገሻ ስለ ዘእተዋ፡ ሕጊ ጥሒሱ (ዘሌ 18፡8።) ንዝፈጸሞ ተግባር ካብ ወገን ቤተ ክህነት ተሪር ተቓውሞ ገጠሞ። መወዳእታኡ፡ ካብ ቍርባን ክኽልከል ኣብ ቤተ ክርስቲያን'ውን ሽሙ ከይለዓል ብምኽሪ መምህራን ቤተ ክርስቲያን ናብ ኵሉ ተዘርግሐ። በዚ ዝሓረቐ ዓምደጽዮን ንኵሎም እቶም ነዚ ምኽር'ዚ ዘልዓሉ ስሙያት መንፈሳውያን መምህራን፡ ገሊኦም ኣብ ጸምጸም በረኻ ክቕመጡ፡ ገሊኦም ካብ ክልል ግዝኣቱ ከለቑ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ'ሞ፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስ ሓደ ሺሕ (1000) ሰዓብቶም ግዝኣቱ ለቒቖም ናብ ኤርትራ መጹ። "... ወአቡነ ኤዎስጣቴዎስ ወፅአ ተሰዲዶ በመዋዕሊሁ ለነገደ ክርስቶስ መኰንነ ሠራዊ..." "ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተሰዲዶም (ምእንቲ ሃይማኖት) ኣብ ዘመን ነገደ ክርስቶስ በዓል ስልጣን

ስራየ መጹ።" ይብል ጽሑፈ ታሪኽ።[7]

ጥቡቕ ርክብ ምስ ሰበ ስልጣን ኣድክመ ምልጋእ ጽዑቕ ምንቅስቓስን ምዝውዋርን፡ ካብ መረብ ክሳዕ ሓልሓል በጎስን ምድረ ማርያታትን ኣብ ቀሩብ ዓመታት ልዑል መንፈሳዊ ውህደት ደቡባውን ማእከላውን ዞባታት ኤርትራ ምግባሮን ፍርያም ውጽኢት ስራሖምን ዘመልክት ምስጢረ ተሰዶ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣብዚ ኢዩ ዝስተብሃል።

ብዝኾነ ኣብ ኩሉ እናተዘዋወሩ ኣብቲ ምዉቕ ዝነበረ ዓውደ ክርስትና፡ ኩሉ መዳያዊ ግብረ ሃይማኖት ስለ ዘጉሃሃሩ፡ ስርዓተ ገዳምን ስነ ምግባርን ስለ ዘስፍሕን ዘማዕበሉን ኣብ ዝመስረቱ ወን ገዳማት ኣብያተ ትምህርተ ክርስትና መንእሰያትን ኣባጽሕን ብምልኣት ተረኽቡ። ብሓደ ሓይሊ ምስራሕ ብጥሙርን ብስሙርን ምዕያይ እቶት ብሓደ ዓቕንን ብሓደ መቑነንን ምምቓል ዝብል ማዕርነታዊ ስርዓተ ማሕበር ስለ ዘባረትዑ፡ ኣብ ስርዓተ ክርስትናን ማሕበራዊ ሕይወትን ምድረ ሓበሻ፡ ብፍላይ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ተሓድሶ ኣምጽአ።[8] ምስኦም ተሰዲዶም ዝመጹን ኣብዚ ዝተቐበሉዎምን ብዙሓን ደቀ መዛሙርቲ (ኣርድእት) ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ድልዱል ማሕበረ መነኮሳት መስሪቶም ምስትንክር ዝኾነ ሓይሊ ዘለዎ ግብረ ስብከተ ወንጌል ስለ ዘካየዱ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዓቢይ ምዕራፍ ዝሓዘ ዕዙዝ ክብርን ስምን ኣለዎም።[9]

ካብቲ ቀንዲ መርኣያ ስምረትን ሓድነትን ገዳማት ኤርትራ ንልዕሊ ሓደ ሚእትን ዕስራን ዓመታት ምብታኽ ምሕዝነታዊ ርክብ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ምስ ኢትዮጵያን እንኮላይ ምቍራጽ ዝምድና ምስ ጳጳሳት ግብጺ ኣብ ምድረ ሓበሻን

[7] S.S.M.E. p. 40-42. * ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና።
[8] I.E. p. 66.
[9] C.E.A. p. 123.





ዘብጽሐ ክርክር ክብረ በዓል ዕለተ ቐዳምን ሓደሓደ መምርሕን ነበረ።

ኣገባብ ኣከባብራኡ ይፈላለ'ምበር፡ ካብ እስራኤላውያን ጀሚሩ፡ ኣብ ኩለን ብሉይ ኪዳን ዝቕበላ ሃገራት ክርስትና፡ ካብ'ዘን ዓሰርተ ትእዛዛት ሓንቲ ዝኾነት ዕለተ ቐዳም (ናይ ቀደም ሰንበት) ዘጸ 20:8-11። ዘዳ 5:12-15።) ምስ ፈላሚት በዓላት ዘመነ ሓዲስ ዝኾነት ሰንበተ ክርስቲያን (እሑድ ብግእዝ) (ግብ ሓዋ. 20:7። 1 ቆሮ 16:2። ራእ 1:10።) ብሓባር ኽኽብራ ጸኒሐን ኢየን።

## ሰንበት (ቀዳም ሻብዓይቲ መዓልቲ)

ኣብ ጊዜ ፍጥረተ ዓለም፡ እግዚኣብሔር ንሰዓብቱ ኣብነት ክትከውን ንቐዳም (ሰንበት) ሰሪዑዋ።[፩]

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትምህርቲ "ሰንበት" (ሻባት፡ ሰባት) ዝብል ቃል ምስ ምብኳር ምቍራጽ፡ ምግዳፍ ስራሕ ዝብል ስነ ትርጓሜ ኣተሓሒዙ ይገልጾ።[፪]
ቀዳም (ሰንበት) ኣምላኽ ተግባረ ፍጥረት ፈጺሙ ዘዕረፈላን ንዕኡ ዝተወፈየትን ዕለተ ዕረፍቲ ኢያ።[፫]
ምስቲ ንኽብሪ ኣምላኽ ምምዳባ ኸኣ፡ ሰብ ስሪሑ ክዕርፍ ስለ ዘለዎ፡ ረብሓ ደቂ ሰባት'ውን ኣለዋ።[፬]
ኣብ ደብረ ሲና ሕጊ (ኦሪት) ክሳዕ ዝተዋህበሉ ጊዜ ኣከባብራ ቀዳም ከመይ ከም ዝነበረ ኣይተነጸረን። ካብኡ ንደሓር ግን ቀዳሚት ሰንበት፡ ትእምርተ ኪዳን ኮነት።[፭]

[፩] ዘጸ. 20:8-11። 31:16-17።
[፪] ዘጸ. 16:29-30። 23:12። 34:21።
[፫] ዘፍ. 2:2-3። ዘጸ. 20:11።
[፬] ዘጸ. 23:12። ዘዳ. 20:11።
[፭] ዘጸ. 31:12-17።

ቀዳማዊት ሰንበት ኣዝዩ ጥንታዊ መሰረት'ኳ እንተ ሃለዋ ኣውራ ከም ፍሉይ ምልክት መለለዩ ኣይሁዳውነቶም ክትከውን ኣገዳሲ ኸብርን ዝኸርን ዝተዋህባ ኣብ ዓመታተ ማሕዩር (ጼዋ፡ ምጭዋይ) እስራኤላውያን ኣብ ሃገረ ባቢሎን ነበረ።[፮]

ዝኾነ ሰብ ብዕለተ ሰንበት (ቀዳም) ካብ ገዛኡ ወጺኡ ክንቀሳቐስ ዝፍቀደሉ፡ ኣብ ዘኍ 35:4 ተጻሒፉ ዘሎ ተኸቲሉ ካብ ከተማ ወጻኢ ኣብ ከባቢኡ 1000 እመት (533 ሜትር)፡ ኣብ መሮር (መጓሰ፡ መውዓል ጥሪት) ከኣ 2000 እመት (1066 ሜትር) ጥራሕ ምንባሩ ሓደ ሓደ ጽሑፋት ይሕብሩ። ገለ ሓደጋ እንተ'ጋጠመ ግን ምምካት ወይ ምክልኻል ፍቑድ ነበረ።[፯]

መድሓኔ ዓለም ክርስቶስ፡ ንዕለተ ቐዳም ከኽብራ ኸሎ (ሉቃ 4:16) ገሊኡ ኣገባብ ኣከባብራ ግን ከቢድ ጾር ስለ ዝኾነ ንሜላ ኣከባብራ ሰንበት (ቀዳም) ፈሪሳውያን ነቒፉ፡ ካብ ኣገባብ ደቂ ሰብ ለውሃት ከም ዝበልጽ'ን ንሱ ጐይታ ሰንበት ምኻኑን ገለጸ።[፰] መወዳእታኡ ሰብ፡ ኣብዚ ዓለም ሰሪሑ ናብ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ከም ዝኣቱ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህር።[፱]

## <u>ሰንበት (እሑድ፡ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፡ መዓልቲ ጐይታ)</u>

ብቐመረ ኣይሁድ፡ ካብ'ዘን መዓልታት ሰሙን፡ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ እዛ ብግእዝ "እሑድ" (ሓደ፡ ቀዳመይቲ፡ መጀመርታ) እትብሃል ሰንበት ኮይና ዘላ ኢያ። (ስለዚ ድማ ሻብዓይቲ ቐዳም) ኣብ መጻሕፍተ ሓዲስ ኪዳን ተጻሒፉ ከም ዘሎ፡ ክርስቶስ ካብ ሙታን ተፈልዩ ዝተንስኣላ፡ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን፡ ናብ ዕለተ እሑድ ዘውግሕ ለይቲ ነበረ።[፲] ከም ኡ'ውን ካብ ትንሳኤ ኣብ መበል ሓምሳ (50) መዓልቲ፡ መንፈስ ቅዱስ ንሓዋርያት ዝወረደሉ፡ ሓድሽ ምዕራፍ ጉዕዞ ቤተ ክርስቲያን ዝተጀመረሉ ቤተ ክርስቲያን (ማሕበረ ክርስቲያን) ብዕሊ ዝቖመሉ ስለ ዝኾነ፡ ደቂ መዛሙርቲ ክርስቶስ፡ ሰሙን ሰሙን እሑድ (ሰንበት ሰንበት) እናተኣከቡ ብቓል ኣምላኽ ይዋስኡ ነበሩ።[፲፩]

ኣብ ፈለማ ዘመነ ሓዋርያት፡ እስራኤላውያን ክርስቲያን ከም ስርዓተ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሻብዓይቲ መዓልቲ (ቀዳሚት ሰንበት) ከም ኣገባብ ሓዲስ ኪዳን ድማ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ (እሑድ ሰንበት) ንመንፈሳዊ ጉዳይ ክእከቡ ጸኒሖም፡ ክርስቲያን ኣሕዛብ (ዘይእስራኤላውያን) እናበዝሑ ትምህርተ ወንጌል እናሰፍሐ ምስ ከደ ግና፡ ኣኼባ ሻብዓይቲ መዓልቲ (ቀዳም) ናብ ኣኼባ ቐዳመይቲ መዓልቲ (እሑድ) እናተጠቓለለ መጸ።[፲፪]

ምስ ምዕባለ ክርስትና እቲ "ሰንበት" ዝብል ስያሜ ብሓሳብ ግእዝ፡ ናብ እሑድ ተሰጋገሩ፡ እሑድ ሰንበተ ክርስቲያን ክትብሃል ከላ፡ እታ ሰንበት እትብሃል፡ ሻብዓይቲ መዓልቲ ድማ ቀዳሚት ሰንበት፡ ሰንበተ ኣይሁድ፡ ቀዳም ተባህለት።[፲፫] ሰንበተ ክርስቲያን፡ ጓይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነገረ ድሕነት ዝፈጸመላ መዓልቲ ስለ ዝኾነት፡ "መዓልቲ ጐይታ" ተባሂላ'ውን ትስመ።[፲፬]

ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ዓለም ከም ዝፍለጥ ብ321 ፈ. ኣቢሉ ንጉስ ቈስጠንጢኖስ ኣብ ኵሉ ኤውሮጳን እስያን ዝነበሮ ሰፊሕ ግዝኣቱ፡ እሑድ ሰንበት ሃገራዊ በዓል ኮይና፡ ሰሙን

[፮] ነህ 13:15-2። 1 መቃቢስ 2:32-41።
[፯] 1 መቃቢስ 2:40። ማቴ 12:11-12። ሉቃ. 14:5-6።
[፰] ማቴ. 12:1-13። ማር. 2:23-28። 3:1-5። ሉቃ. 6:1-11። 14:1-6።
[፱] ዕብ. 4:11።
[፲] ማቴ. 28:1። ማር. 16:1። 24:1። ዮሓ. 20:1።

[፲፩] ግብ. ሓዋ. 20:7። 1 ቆሮ. 16:2።
[፲፪] መ.ቅ.መ.ቃ. ገጽ 164።
[፲፫] ውዳሴ ማርያም ዘይትነበብ በዕለተ ቀዳሚት ሰንበት። በዕለተ ሰንበተ ክርስቲያን ቅድስት።
[፲፬] ራእ. 1:10።

ሰሙን ክትብዕልን ስራሕ ተሪፉ ክትክብርን ኣወጀ።
ዕረፍተ ሰንበት፡ መርሓ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ኢዩ።[፲፰/፲፱]

እዚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓታት ዕረፍተ ቀዳመ ሰንበት ኢዩ እምበኣር ኣብ መንጎ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ወኢትዮጵያ ንልዕሊ 120 ዓመታት ዘዘራረበን ዘከራኸረን። ኣብ ርእሲኡ ኣብ መጽሓፈ ሲኖዲቆን (ሲኖዶስ፡ጉባኤ) ዓንቀጽ ትእዛዝ ጴጥሮስ ወጳውሎስ ሓዋርያት፡ ቀዳመ ሰንበት ብሓባር ክኽበራ ዝውስን መምርሒ ስለ ዘሎ እዚ ብዝፈልጡ መምህራን ቤተ ክርስቲያን፡ ኣውራ ኸኣ በዓል ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዘለዉዎም ሊቃውንቲ ብ1330 ዓ.ም.ፈ. ዓቢ.ይ ክርክር ተላዕለ።

ክብሪ ዕለተ ቀዳም፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ካብ ቅድም ዝጸንሐን ግን ከኣ ኣብ መንጎ መንጎ ክትዕ ዘለዓዕል ምንባሩን ይፍለጥ። ግብጻዊ ጳጳስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ኣቡነ ሳዊሮስ ናብ ፓትርያርክ ግብጺ፡ ዳግማይ ቄርሎስ (1077-1099) ኣብ ዝጸሓፉዎ መልእኽቲ ኣብ ምድረ ሓበሻ፡ ሓያሎይ ስርዓታተ ብሉይ ኪዳን እንተላይ ክብሪ ዕለተ ቀዳም ዝተለምደን ሓሓሊፉ ዘከራኽር ስለ ዝኾነን ውሳኔ ክረክብ ሓቲቶም ነይሮም። ግና ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ንባዕላ እቲ ኣፈጻጽማ ክብረ በዓላት ዝገልጽ ፍትሓ ነገስት (ብ1238 ፈ. ዝተወሃሃደ፡) ክፍል ፍትሕ መንፈሳዊ (ዓንቀጽ) ሽዑ ገና ኣይተጸሕፈን ስለ ዝነበረ፡ ንጹር ውሳኔ ኣይተዋህበን።[10]

ኣብ ዝተወሰነ መዋዕል'ውን (10-13 ዘመን) ኣብ ገለ ቦታታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዓመት ብዘይካ ልደት፡ ጥምቀት፡ ትንሳኤ፡ መስቀል፡ ካልእ ክብረ ዓቢ.ያን በዓላት ስለ ዘይነበረ፡ ቀዳም ከኣ ትኽብር ስለ ዘይነበረት በብቦታኡን በብግዜኡን ክትዕ ይቐርብ ነይሩ ኢዩ።[11]

ስዕረት ዕለተ ቀዳምን በዓላትን ከም ዘይቕበሉዎ ዝገለጹ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስን ሰዓብቶምን ናብ ግብጺ ምስ ከዱ ንፓትርያርክ ኣባ ብንያሚን (1327-1339 ፈ.) "‥ ብኤርትራኒ ይቤሉኒ ሠዓር ሰንበታተ ወበዓላተ..." "ኣብ ኤርትራ ከሎኹ፡ ሰናብትን (ቀዳመ ሰንበት) በዓላትን ሰዓር በሉኒ፡ ኣብዚ ድማ እዚ ከየነጸርኩም ብጸሎት ንተሓባበር ትብሉኒ..." ምባሎም ምስ ዕለተ ቀዳም፡ ካልኦት ክኽብሩ ዝግብኦም በዓላት ዘይኽብሩ ምንባሮም የረድእ።[12]

ጉዳይ ክብሪ ዕለተ ቀዳም በዚ ኸምዚ እናተተኻተኸ ኸሎ፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስን (ካብ ቤተ ሊባኖስ) ኣቡነ ኣኖሬዎስን (ካብ ቤተ ኣረጋዊ) ዕለተ ቀዳም ብኸመይ ክትብዕል ከም ዝግባእ ኣብ ዝዛተዩሉ ግዜ፡ እቲ ዘረባ፡ ኣብ ቤተ መንግስቲ ዓምደ ጽዮን በጽሐ'ሞ፡ ንሱ ምስ ሓደ ኸልተ ካህናተ ደብተራ ብምምኻር ተሃንዲዱ፡ ካብ ቅድም ተለሚዱ ዝጸንሐ ስርዓተ ብሉይ ኣውራ ኸኣ ክብሪ ዕለተ ቀዳም ክተርፍ ናይ ባዕሉ ህዉኽ ውሳኔ ኣመሓላለፈ።ካብኡ ነገር ተኻረረ።[13] ሓያሎይ ጉዳማት ተቓወማኦ። ኣውራ ኸኣ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ በዚ ጉዳይ'ዝን ብኻልእን ክሳብ ግብጽን ኣርማንያን በጽሑ። ኣብ መወዳእታ መገሻኦም ምስ ኣባ ብንያሚን (Benjamin) ፓትርያርክ መንበረ ማርቆስ ዘእስክን ድርያ ተዘራረቡ።

ንግብጻዊ ጳጳስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ፡ ኣቡን ያዕቆብ (1337-1344 ፈ.) ኣብ ፈለማ ምምጻኦም ዘጋጠሞም ፈተነ'ውን እዚ ክርክር'ዚ ነበረ።[14] ግብጻዊ ጳጳስ ኣቡን ያዕቆብ፡ ብሕርጊን ኣቢሎም ክኣትዉ ኸለዉ፡ ካብኡ ጀሚሮም ቡራኬ እናሃቡ

[፲፰] ቤ.ክ.ታ.በዓ.መ. ገጽ 45-46።
[፲፱] ዕብ. 4:11።
10 Ch.S.E. p. 209.

11 A.M.E.H. p. 270-271. * Ch.S.E. p. 209.
12 ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና።
13 Ch.S.E. p. 208.
14 C.E. vol. 3 p. 992-993.

ዑደት ፈጸሙ። ሽዑ ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተራኺቦም፡ ኣብ ሰራየ ብዛዕባ ምስጢረ ስላሴ ክዛተዩ ቀንዩ።[15]

> "... ሶበ ተፈነወ እምብሔረ ግብጽ አባ ያዕቆብ ጳጳስ ለብሔረ አግአዚ፡ ሶበ መጽአ ምድረ ኤርትራ አሜሃ ሖረ ኃቤሁ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከመ ይትቀበሎ፡ ሰገደ ሎቱ ወተአምኖ አምኃ መንፈሳዊተ ... ወሐተቶ ጳጳስ በእንተ ምግባሩ፡ ወበእንተ ሃይማኖቱ ወበእንተ ትምህርቱ፡ ወአውሥአ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ወይቤሎ ለጳጳስ፡ ሃይማኖትየሰ ወትምህርትየ ዝውእቱ አሚን አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ... ወዘንተ ወዘይመስሎ ተናገረ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ በቅድሜሁ ለአባ ያዕቆብ ጳጳስ፡ ወሶበ ሰምዐ ነገሮ ወጽንዓ ሃይማኖቱ አንከረ ወተደመ ... ወኃብሩ በሃይማኖት ርትዕት ..."

"ኣባ ያዕቆብ ካብ ሃገረ ግብጺ ጳጳስ ኮይኑ ናብ ሃገረ ኣግኣዚ (ኤርትራ ወኢትዮጵያ) ምስ ተላኣከ ኣብ ምድረ ኤርትራ (ገማግም ባሕሪ፡ ሕርጊጎ) ኣብ ዝበጽሓሉ ጊዜ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ክቕበሎ ከይዱ ድንን ኢሉ መንፈሳዊ ሰላምታ ተሳለሞ። ሽዑ፡ እቲ ጳጳስ ብዛዕባ ሃይማኖቱ፡ ትምህርቱን ተግባሩን ሓተቶ፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከኣ ሃይማኖተይን ትምህርተይንሲ ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምእማን ኢዩ ዝብልን ከምኡ ዝመስለን ምኽኑ ኣብ ቅድሚ ኣባ ያዕቆብ ተዛሪቡ መልሲ ሃበ። እቲ ጳጳስ ድማ ዘረባኡ ምስ ሰምዐ ብጽንዓት ሃይማኖቱ ተደነቐን ተገረመን፡ ብቕንዕቲ ሃይማኖት ኸኣ ሓደ ኮኑ።" ይብል ጥቕሲ ታሪኽ።[16]

ኣቡነ ያዕቆብ፡ ኣብ ኤርትራ ቡራኬ ሂቦም ናብ ኢትዮጵያ ምስ ሰገሩ፡ ኣብ ምምሕዳራዊ መሳርዕ ቤተ ክርስቲያን ግሩም ስጉምቲ ጀሚሮም እንተ ነበሩ፡ (ንቡራን እድ ብምምዳብ ስብከተ ወንጌል ምስፋሕ) ክትዓት በዓላትን ካልእ ዘይስነ ምግባራዊ

15 ኢ.ቤ.ክ.መ.ቃ. (ስርግው) "ያ" ገጽ 19-20።
16 ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና።





ሕይወተ ዓምደ ጽዮንን ተቐቢሉዎም ኣብ መዋጥር ኣተዉ።

ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ፡ ኣብ ዘስተምህሩሉ ጊዜን ከባብን ሓደ ሓደ ከም ክርዳድ ኣብ ማእከል ስርናይ ዝበቑል ሓድጊ ኣረማውነት ስለ ዝነበረ ነዚ ክምንቑሱ ናብ ጽልማን ከባቢኣን (ሰራየ) ተበገሱ። ኣብኡ ሰባት ዘምልኹዎምን ዘማርቱሎምን 12 ዓበይቲ ኣእዋም፡ ኣግራብ፡ ብምብራስ ኣምልኾ ጣዖት ኣወገዱ። ኣብ መንጎ ዑደተ ስብከቶምን ሓዋርያዊ ንግደቶምን ብሓበላ ኣቢሎም ምስ ኣቡነ እንድርያስ (ደብረ ጽጌ ሰፍኣ) እናተራኸቡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ኣስመራ መመጺኦም ብሓባር ምስ ጢረ ቑርባን፡ ስርዓተ ቅዳሴ ይፍጽሙ ነበሩ።

በብጊዜኡ ናብ ኢየሩሳሌም ይኸዱ ከም ዝነበሩ፡ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ንሓዋሩን መገሻ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ካብ ኤርትራ ናብ ግብጺ ካብኡ ኸኣ ብቆጵሮስን ኢየሩሳሌምን ኣቢሎም ናብ ኣርማንያ ከም ዝኸዱን ኣብኡ ከም ዝዓረፉን ይፍለጥ። ምስ ትንባር፡ ለበዋ፡ ጉዕዞ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ብሓጺሩ ከምዚ ይንበብ።

ዝግበር ዝነበረ ሓጢኣትን መሸጣ ኽርስቲያን ሰባትን (ንግዲ ባሮት) ንኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ስለ ዘጕሃዮም ስቕ ኢሎም ክርእዩን ኣብዚ ክነብሩን ኣይደለዩን። ናይቲ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብስደት ናብ ግብጺ ዝኸዶ (ማቴ 2፡13-21።) ተሳታፋይ ድኻሙ ክኾኑ ፍቓድ ኣምላኽ ምኳኑ ብራእይ ተገልጸሎም። ሽዑ ደቀ መዛሙርቶም ናይ ዝተቐለቡዎ ፍርያት ምድሪ ሕሳብ (ከም ዅሉ ሕዝቢ ዝኸፍሎ፡ ግብረ መሬት) ክኸፍሉዎ'ሞ ናብ ኢየሩሳሌም ክኸዱ ምስ ወራሲነ እግዚእ (ወረ ሰና'ዝጊ) ተዛራረቡ። እንተ ኾነ እዚ በዓል ስልጣን ሰራየ ወራሲነ እግዚእ፡ ኣቦና ሓዲግካና ክትከይድ ኣይንፈቱን ኢና ምስ በሎም፡ ኣቦና ኸኣ ናብ ኢየሩሳሌም ምኻድ ሓዲገ፡ ኣብዚ ክነብር እንተደኣ ኾይኑ፡ መሸጣ ኽርስቲያን ሰባት ግደፍ፡ ውሽማ ኣይትግበር ኣነ ድማ እዛ ሽመትካ ናብ ውሉድካ ክትሓልፍ ሰራዊት ንጉስ

(ኢትዮጵያ) ክይጸብኡኻን ተንከስ ኢሎም ፈለግ ምድርኻ (ሩባ መረብ) ክይሰግሩን ንእግዚኣብሔር ክልምኖ እየ በሉዎ። ወራሲነ እግዚእ ግን፡ ክመከር ኢሉ ጸኒሑ መሊሱ ንኤዎስጣቴዎስ ዘጕሂ ተግባር ፈጸመ። ሽሙ፡ ኸኣ ናብ ካልኣት ኣሕዋቱ ሓለፈ። ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከኣ፡ ሓሳብ ጕዕዞኦም ቀጸሉ።

ካብ ምድረ ኤርትራ ክብገሱ ከለዉ ምስ ደቀ መዛሙርቶም ተተሓሒዞም ክሳብ ምድረ በጎስ በጽሑ። ኣብኡ መራሒ፡ ገንዛየ እግዚእ (ገንዛይ'ዝጊ) ዝተባህሉ ክልተ ሰበ ስልጣን በጎስ፡ ኣፍራሶም ተወጢሖም ተቐበልዎም። ንጽባሒቱ ገስጊሶም ኣብ ምድረ ማርያ ኣተዉ። ኣብኡ ሓላፍነትን መሪሕነትን ኵሎም ደቀ መዛሙርቶም (ኣርድእቶም) ንኣቡነ ኣብሳዲ ሂቦምን ኣነባቢሮምን ብዛዕባ ስርዓታት ቤተ ክርስቲያንን ማሕበረ መነኮሳትን ተላብዮ ምን ተፋነዉዎም። ካልኣት ኣርድእቶም ካብኡ ክምለሱ ኸለዉ፡ 12 ደቀ መዛሙርቶም ምስኦም ተጓዒዞም፡ ክሳብ ኣርማንያ ኸዱ።[17]

ድሕሪ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ፡ ደቀ መዛሙርቶም ብኣቡነ ኣብ ሳዲ እናተመርሑ፡ ኣብ ደብረ ማርያም ማእከሎም (መጋብእ ያኦም) ገይሮም ቅልጡፍ ምንቅስቓሳትን ስሉጥ ምዕባለ ስብከተ ወንጌልን መንፈሳዊ ተግባራትን ብምክያድ ኣብ ሓጺር ጊዜ ነና ቶም ገዳምን ማሕበረ መነኮሳትን መስረቱ፡ ኣእላፍ ፈለስቲ ተሰ ለፉ። ፍሉይ ተሓድሶ ስርዓተ ገዳም ኣቖሙ፤ ኵሎም ደቂ ኤዎስ ጣቴዎስ (ብመንፈስ) ሰዓብቶምን ጽዑቕ ምውስዋስን ስሙር ምውሃድን ግብረ ሃይማኖት ብምስልሳል ካብ ኤርትራ ሓሊፎም ክሳብ ምድረ ኢትዮጵያ ማዕበላዊ ኣስተምህሮ ኣውሓዙ። ብኸሉ መዳዩ ዝተወሃሃደን ኣድማዕን መንፈሳዊ ዕዮ ንምፍጻም ኣብ መበል 14-15 ዘመን ቀንዲ ማእከላትን መጋባእያታትን ኣድያ

17 S.S.M.E. p. 59-60. * ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና።





ማት (ዞባታት) መዲቦመን ዝነበራ ገዳማት፡-

ሀ. <u>ገዳም ደብረ ማርያም ቈሓይን</u>፡ ብ81 ገዳማተ መነኮሳትን (ሰብኡት ፈለስቲ ዝነበሩለን) ብ23 ደብረ ደናግልን (ገዳመ መነኮሳይያት፡ ደቀንስትዮ ፈለስቲ ዝነብራለን) ይምእከልን ይውከልን።

ለ. <u>ገዳም ደብረ ቢዘን፡</u> ን8 ገዳማተ መነኮሳትን፡ 1146 ኣባላት ደቂ ማሕበር ዝርከባኦን 3 ደብረ ደናግልን፡ ካብኣን ሓንቲ ፋልቈ ከባቢ ዓደ'ርዓዳ ይመርሕ።[18]

ሐ. <u>ገዳም ደቂ ኢታ፡</u> ን6 ገዳማተ መነኮሳት የተሓባብር። እዘን 3 ልዑላት ገዳማት ብድምሩ ን95 ገዳማተ መነኮሳትን ን26 ደብረ ደናግልን በብኣድያማተ ስብከተን (በብዞባታተን) የዋፍራ።[19]

ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ደብረ ቢዘን ጥራሕ'ኳ ትውፍርቶም፡ ምግቦም፡ ክዳኖም፡ ሓባራዊ ዝኾነ ብሓደ ማእከል ምምሕዳር ዝመሓደራ ማሕበራተ መነኮሳትን ብኣኣን ዝእለያ ኣብያተ ክርስቲያናትን ትሸዓተ (9) ማሕበራት፡ ኣብ ካልእ እዋን ድማ በበይኑ ዓይነት ናይ ተግባረ እድ (ናይ ስራሕ) ክፍፍል (ስርዓተ ብጽሒት ስራሕ) ዘለዎም ኣሕዋት (ብመንፈስ) ዝርከቡ ወን ብሓደ መቕነን (ምቅሊት) ዝምገቡ፡ ብሓደ ዓቐን ዝኸደኑ፡ ሓደ ዝመምርሒኦም 25 ኣብያተ ክርስቲያን (ማሕበራት) ተሃንጸ ዝብሎ፡ ሓያልን ቅልጡፍን መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ምንባሩን፡ እዚ ድማ ናይቲ ዝነበረ ስሙር ኣመራርሓ ቤተ ክርስቲያን፡ ሓደ መልክዕ ምዃኑን የረድእ።[20]

ምሁረ ታሪኽ ፖርቱጊዛዊ ፍራንቸስኮ ኣልቫሬጽ ብወገኑ ብ1520 ፈ. ንደብረ ቢዘን ክርእያ ኸሎ ካብቶም 3000 ኣቢሎም ከም ዝነበሩ ዝተነግሮ፡ 300 መነኮሳት (ብኣባሃህላኡ Friars፡

18 ገድለ ብጹዓ ኣምላክ ብራና።

19 Ch. S.E. p. 211-212.

20 ገድለ ፊልጶስ ወገድለ ዮሓንስ ብኸ. ኮንቲ ሮሲኒ 99-111. * Ch. S.E. p. 211-212.

ኣሓው፡ ኣባላት ማሕበር) ከም ዝጸንሕዎን ደብረ ቢዘን ኣብ ትሕቲኣ 6 ገዳማት ከም ዝነበራኣን ብስእልን ብጽሑፍን ገሊጽዎ ይርከብ።[21]

ክብረ በዓል ቀዳመ ሰንበት ብሓባር ዝብል ጽኑዕ መትከል ደቂ ኤዎስጣቴዎስ ገዳማት ኤርትራ ኣብ ዘመነ ግብጻውያን ጳጳሳት ኣባ ሰላማ መተርጕም (1348-1388 ፈ.) ኣባ በርተሎሜዎስ (1398-1436ፈ.) ውዱእ ውሳኔ ክይረኽበ ስለ ዝጸንሐን ብኹሉሙሉ ባህ ስለ ዘይበሎምን መምህራን ቤተ ክርስቲያን ኣግኣዚት ኤርትራ ሓደ ፍጹም ዝኾነ፡ ናጻ ባዕለ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ብምቛም ምስ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ ዝነበሮም ርክባት በቲኾም፡ ዝምድና ጳጳሳት ግብጺ ኣብ ምድረ ሓበሻ ቌሪጾም፡ ምቕባል ቡራኬ መዓርጋተ ቤተ ክርስቲያንን ምልዓል ስም ጳጳሳት ኣብ ጸሎተ ቕዳሴን ሓዲጎም፡ ብርእሰ ተኣማንንት ንኣስታት 120 ዓመታት ተኻየዱ።

ሽዑ መዓርጋተ ክህነት ኣብ ዘድልዮ ኣገልግሎት ብቐጥታ ካብ ፓትርያርክ ግብጺ፡ ብዝቕበሉን ገለ ምስ ካልኦት ወገናት ከለዉ፡ ካብ ጳጳሳት ምድረ ሓበሻ ክህነት ዝተቐበሉ ጸኒሖም ናብኣቶም ዝተመልሱ፡ እንተ ተረኽቡ ምዕዳን እናተዋህቦም ከም ጸሎተ ቕዳሴ ዝመሰለ ኣገልግሎት ክህነት ከም ዝማላእ ይግበር። ብዝተረፈ ኹሉ ሓላፍነታት፡ ኣስተምህሮታትን ካልእ ኣገልግሎታትን ብቕዓቱ ብዝተመስከረሉ ዝኾነ ወዲ ማሕበር ክፍጸም ዝክኣል ምኻኑ ዝገልጽ መምርሒ ነበሮም። መነኰሳይያት ደናግል ክይተረፋ፡ ቅልል ዝበለ ነገር ባዕላተን ምኽርን ተግሳጽን ክህባሉ፡ ክብድ ዝበለ ኸኣ ተቐቢለን ናብ ኣበ ምኔት ክብጽሓ ሓላፍነት ነበረን።

እዞም መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ምስ ግብጻውያን ጳጳሳት ክሳብ ምብታኽ ዝምድና ካብ ዘብጽሖም ቀንዲ ነገር፡ ብኣፍን

21 G.E. p. 114.





ብመጽሓፍን ተኸራኺሮም ኣብ ሓደ ምዕራፍ ኣብ ክንዲ ምብጻሕ ብምኽሪ ወገናት ካህናተ ደብተራን ብተጽዕኖ ነገስታት ኢትዮጵያን ዝበልናኩም ጥራሕ ግበሩ ኣብ ዝብሃለሉ ጊዜ፡ ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ ስነ ትርጓሜ ግእዝን ይትበሃሉን፡ ኣብ ሕዝባዊ ልማዱን ኣመሉን ኣጋይሽ ብምኳኖም ማእከላይ መርገጽ ወይ ስቕታ ወይ ከኣ ጸግዒ ቤተ መንግስቲ ብምሓዞም ነበረ።

ብዛዕባ ኽብሪ ዕለተ ቐዳም፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ይኹን ደቀ መዛሙርቶም፡ ካብ ዝጠቕሱዎ መርትዖ ነገር፡ ሻብዓይቲ ዕለት (ቀዳም) እግዚኣብሔር ግብረ ፍጥረት ዘብከረላ ዕለተ ዕረፍቲ ስለ ዝኾነት ባሪኻን ቀደሳን (ዘፍ 2፡2-3።) ክብርቲ ዕለት ቅድስቲ ዕረፍቲ ክትከውን ድማ ምስ'ተን ኣምላኽ ኣብ ጽላተ ኺዳን ጽሒፉ ንሙሴ ዝሃቦ ዓሰርተ ትእዛዛት ሳልሳይ መስርዕ ሒዛ ትርከብ። (ዘጸ 20፡8-11። ዘዳ 5፡12-15።) ንዘለዓለም ከኣ ኣይትሓልፍን ኣይትስዓርን። (ማቴ 5፡17-19። ) ሓዋርያት'ውን "በእንተ ኣዕርፎ ክልኤሆን ሰንበታት ..." "ብዛዕባ ዕረፍቲ ክልቲኤን ሰናብቲ ... ሓሙሽተ መዓልቲ (ኣብ ሰሙን ዕየዩ፡ ሰንበትን (ቀዳም) እሑድን (ሰንበት) ግን ዋላ ሓንቲ ኣይትግበሩ።" ብበዓላት ክዕርፉ ከም ዝግባእ ትእዛዝ ጴጥሮስ ወጳውሎስ (ሓዋርያት) "ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ ሰናብቲ ብሓንሳእ የዕርፉ። ...ብሰንበትን ብእሑድን የዕርፉ.." ኢሎም ኣብ ሲኖዶሶም (ጉባኤኦም) ወሲኖሞ ኢዮም። (ትእዛዝ ዓንቀጽ 67) ቀዳም፡ ኣምላኽ ካብ ምፍጣር ኣዕሪፉላ፡ ገ ይታ ኣብ ፍጻሜ ኣገልግሎት ድሕነት'ውን ቀዳም ስዑር ኣዕሪፉ ዝወዓለላ ሰንበት ዝተንስኣላ ስለ ዝኾና፡ ቀዳመ ሰንበት፡ እኽለ ማይ ኣይጽወምን። ዳይና ደኣ ኣይረኽቡን እምበር ከምኡ ኣብ ስርዓተ ጳኮሚስ ከኣ፡ ቀዳመ ሰንበት ብሓባር ይብዕላ ምንባረን ወዘተ. ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ቀኖናተ ኣበውን ስርዓታተ ገዳምን ጠቒሶም ኢዮም ዝከራኸሩ ነይሮም።[22]

22 Ch. S.E. p. 218.

መስረትቲ ብዙሓት ገዳማት ኤርትራ፡ ደቂ ኤዎስጣቴዎስ መምህራን ቤተ ክርስቲያን ውሉደ ክህነት ምስ ላዕለዎት ነጥበ መራኸቦ፡ መንፈሳዊ ጉዳይ ሃይማኖትን ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ኤርትራ ወኢትዮጵያ ዝኾኑ ጳጳሳት ግብጺ ዝጸንሖ ርክብ ተቛሪጹ፡ ኵሉ ነገሮም ጠንጢኖም፡ ናይ ባዕሎም ምሉእ ናጽነት ዘለዎ ስርዓተ ምምሕዳርን መምርሒ ገዳምን ማሕበረ መነኮሳትን ብምምስራት፡ ንኣብያተ ክርስቲያን ከመርሑ ንብዙሕ ዓመታት (ክሳዕ 1450) ብተፈልዮ ከነብሩ ኸለዉ፡[23] ግብጻዊ ጳጳስ ኣቡነ ሰላማ መተርጕም ዓሪፉም (20 ነሓሰ 1380 ዓ.ም.ግ) ኣባ በርተሎሜዎስ ብ1398 ፈ. ተተክኡ። ካብኡ ብዙሕ ከይደንጐየ፡ ብ1400 ብዛዕባ በዓል ቀዳመ ሰንበት ንምዝርራብ ሓደ መልእኽቲ መጸ። ገድለ ፊልጶስ ከም ዝሕብሮ፡ "መልክዖም ጽቡቓት ጸጕሪ ርእሶም ዝተቘነነ፡ ዘረባኦም ዘይርዳእ፡ ናብዚ ጎቦ (ቢዘን) ካብ ንድይብ ክሳዕ ሎሚ ክምኦም ዝመሰሉ ርኢና ዘይንፈልጥ ሰባት ናባና መጺኦም፡ ካብ ጳጳስን ንጉስን መልእኽቲ ኣሎና በሉና።" ኢሉ ዝርዝር መግለጺ ይህብ።

ሽዑ ወርሒ ሚያዝያ 1392 ዓ.ም.ግ (1400 ፈ.) ኣቡነ ፊልጶስ ዝመራሒኦም 12 ኣበ ምኔታት ምስ 120 መነኮሳት መሰነይታኦም (ደቂ ኤዎስጣቴዎስ ካብ ገዳማት ትግራይ'ውን ነበሩዎም) ናብታ ኣብ ዝተወሰነ ካልእ ጊዜን ሽዑን ምቕማጥ ጳጳሳትን ግብጻውያን መነኮሳትን ክትከውን ዕድል ኣጋጢሙዋ ዝነበረት ደሴት ሓይቀ (ቀላይ) እስጢፋኖስ (ወሎ፡ ዓደምሓራ) ኸዱ።[24]

ኣብኡ ምስ በጽሑ፡ ሓጺዩ ዳዊት ንጉስ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ነገር ከወግድ ተሃንጥዩ፡ ብቐጥታ ኢዱ ብምእታው ትእዛዝ ጳጳስ ክሳብ ዝቕበሉ፡ ካብ ክትዕ ዝሓለፈ፡ ኣቡነ ፊልጶስ ምስ ሰዓብቶም ክቕጽዑ ንኣቡነ በርተሎሜዎስ ሓላፍነት ኣሰከሞምዎ ንሶምን መማኽርቶም ሊቃናተ ደብተራን ኣብ ዙተ ከየድሃቡ፡ ስዕረተ ቐዳም

23 C.E. vol. 3 p. 993. * Ch.S.E. p. 211-212.
24 C.E. vol. 3 p. 991-992.





ክቕበሉን ምስ ጳጳስ ክሓብሩን፡ ትእዛዝ ምኳኑ ብተጽዕኖ ገለጹሎም።

እዞም መራሕቲ ገዳማት ብወገኖም ክሳዕ ሽዑ ንልዕሊ ፍርቂ ምእተ ዓመት ዘከራኸረን ኣብ መጻሕፍቲ ዝተጻሕፈን፡ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ክሳብ ግብጺ ቆጵሮስ ኣርማንያ ዝበጽሑሉን ዝተዛራረቡሉን ጉዳይ ብግዲ ከም ዘይቕበሉዎ ኣረጋገጹሎም።

ኣብ ዓደ'ምሓራ ቀንዲ መኻራኸርትን ቀዳም ትሰዓር ዝብሉን ዝሰዩ በዓል ዓቃቤ ሰዓት ሰረቀ ብርሃን ሓላፊ ገዳም ሓይቀ እስጢፋኖስ፡ ኣብ ቤተ መንግስቲ ዳዊት፡ ፍትውን ኣብ መጋባእያ ኣቡነ በርተሎሜዎስ ድላዮም ክገብሩ ዕድል ገዚኽቦን ኢዮም ዝመርሑዎ ነይሮም።

መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ነቲ ትእዛዝ ብድፉኑ ከም ዘይቕበሉዎ ምስ'ፍለጡ፡ መራሒ ንዝኾኑ ኣቡነ ፊልጶስ ዘደብረ ቢዘን፡ ካብ ደሴት ሓይቀ እስጢፋኖስ ከይወጹ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ክጸንሑ ካልኣት ሰዓብቶም ግን ክስጐጉ ተወሰነ። ኣብቲ ጊዜቲ ኣቡነ ፊልጶስ በበይኑ ተኣምራት እናገበሩ ንኣርባዕተ ዓመት ክሳዕ 1404 ፈ. ኣብኡ ጸንሑ፡ ሰማዕተ ኣግኣዚ ዘብሎም ብዙሕ ሓሳረ መከራን ግፍዕን ወረዶም።

መወዳእታኡ ቃል በዓል ኣቡነ ፊልጶስ፡ ቅቡል ኮይኑ፡ ኣቡነ ፊልጶስ ክልቀቑ ዕለተ ቐዳም ክትብዕል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ጽሑፈ ታሪኽ ከምዚ ይብል፡-

> "ወእምዝ አዘዘ ይዑዱ ዓዋዲ (ያዑዱ ዓዋዴ) ለኵሉ መንግሥቱ፡ እንዘ ይብል እመቦ ሰብእ ዘኢያከብር ሰንበታተ ወየሐውር ፍኖተ አመ መስዮ ዓርብ ክልኤሆን ሰንበታት ይምትሩ እገሪሁ ወይንሥእዎ ንዋዮ... ወከመዝ ወፅአ ትእዛዝ እምኃበ ዳዊት ወስመ መንግሥቱ ቈስጠንጢኖስ ርቱዓ ሃይማኖት ወከመዝ ተነግረ ኃበ ሊቃውንትሂ ዘቤተ ክርስቲያን ... እስከ በጽሐ ውስተ ደብብ ኃበ ሠረቀ ብርሃን፡ ወልደ ብሌን ሰገደ።"

"ዝኾነ ሰብ ሰናብቲ ዘየኽብርን ካብ ምሸት ዓርቢ ንደሓር ክልቲኣን ሰናብቲ (ቀዳመ ሰንበት) መገሻ ዝኸይድን ኣእጋሩ ይቄረጽ፡ ጥሪቱ ይዘረፍ፡ ዝብል ኣዋጅ ናብ ኵሉ ግዝኣቱ ክእውጁ

ካብ ዳዊት መጸውዒ ንግስነ፡ ቈስጠንጢኖስ ቅኑዕ ሃይማኖት፡ ትእዛዝ ተመሓላለፈ፡ ከምኡ ኢሉ ናብ ኣሕሉቕ ቤተ ክርስቲያን ተዘርግሐ። ክሳብ ደቡብ (ሰራየ ደቡብ፡ ደቂ ድግና) ናብ ሰረቀ ብርሃን ወዲ ብሌን ሰገደ (ሰለጢን ሰራየ) ክኣ በጽሐ።"[25]

በዓል ዕረፍት ቀዳመ ሰንበት ብሓባር ብ1404 ፈ. ተወሲኑ፡ ኣቡነ ፊልጶስ ካብ ዓደ'ምሓራ ክመጹ ኸለዉ፡ ኣብ ዘዝሓለፉዎ እናስተምሃሩን እናበሰሩን መጹ። ኣብዚ ዝነበረ ሕዝበ ክርስቲያን ኤርትራ ብጾምን ብጸሎትን ይገክሮምን ይጽበዮምን ጸኒሑ፡ ካብ መጠራ ጀሚሩ ክሳብ ከባቢ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዝበጽሑ በብ ቦታኡ ብጉባኤ ድሙቕ ኣቀባብላ ገበረሎም።[26] ንኣብነት፡ ገድለ ፊልጶስ ከምዚ ይብል።

" ... ወካዕበ አሐዱ ብእሲ ተንባታላይ እም ሥዩማነ ሰንዓፌ ዘስሙ ሞሳ ሶበ ሰምዐ ዘከመ ገብረ [ኣቡነ ፊልጶስ] ብዙኀ ተአምረ ዘፈነ ወአንፈርዐዐ ወለአክሎሙ ለደቂቁ እንዘ ይብል ብሥራትክሙ፡ ናሁ ሞዐ አቡክሙ ፊልጶስ ..."

" ... ካብ ሹመይናታት ሰንዓፈ፡ ሓደ ሞሳ ዝሽሙ ኣስላማይ፡ ኣቡነ ፊልጶስ ዝገበሮ ተኣምራት ምስ ሰምዐ ናብ ደቁ ልኢኹ ኣቦኹም ፊልጶስ ተዓዊቱ (ስዒሩ) ኢዮ'ሞ ኣበስረኩም ኣሎኹ በሎም። ..."

እንተ ኾነ፡ ኣብ ዙርያ ቤተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝዋስኡ ካህናተ ደብተራ፡ ጓዕ ስለ ዘይበሎም ኣብ ተግባር ከውዕሉዎ ኣይ ደለዩን። ነቲ ውሳኔ ብዕጻይ ምጻጻይ ይሓልፉዎ ነበሩ። ግብጻውያን ጳጳሳት ኣብ ምድረ ሓበሻ ድማ፡ ካብ ተጽዕኖ ተላቒቕም ንጹር ቤተ ክርስቲያናዊ መምርሒ ብዘይ ምሃቦም፡ መራኽቢ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ወኢትዮጵያ ዝነበረ ሰንሰለታዊ ዝምድና ጵጵስና ከም ቀደሙ ተበቲኹ ምስ ጸንሐ፡ ግብጻውያን ኣቡናት ሚካኤልን ገብርኤልን ጳጳሳት፡ ኣቡን ዮሓንስ ኤጲስቆጶስ ናብ ምድሪ ሓበሻ ምስ መጹ ተሓቲቶምን ጉባኤ ተገይሩን፡ ዕለተ ቀዳም ክትብዕል፡ እዞም ጳጳሳት ክእውጁ፡ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ኣውራ ኸኣ ደቂ ኤዎስጣቴዎስ ዝቐዳሞቶም ውሉደ ክህነት ምስ'ዞም ጳጳሳት ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ዝምድና ክህልዎም ብ1450 ፈ. ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ።

25 S.S.M.E. p. 90.
26 Ch.S.E. p.212-218.





እቲ ጥቕሲ ውዕል ስምምዕ፡ "እዚ ራእይ ክብረ ክልተ ሰና ብቲ (ቀዳመ ሰንበት) ንቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ጳጳሳት ዘይገለጾ እግዚኣብሔር ንኣቦታትና ኣባ ሚካኤልን ኣባ ገብርኤልን ጳጳ ሳት ከሰተሎም እሞ፡ ኣቦታትና ኣባ ሚካኤልን ኣባ ገብርኤልን፡ ክልቲኦን ሰናብቲ ክኽብራ ብኢዶም ብዝተጻሕፈ ክታም ገይሮም ክእውጁ ኣርድእቲ (ደቀ መዛሙርቲ) ማዕቀበ እግዚእ (ኤዎስ ጣቴዎስ) ክኣ ቡራኬ መዓርጋተ ቤተ ክርስቲያን፡ ካብኣቶም ክቕበሉ ተሰማማዕና።" ይብል።[27]

ሽዑ'ውን ፈለስቲ ደብረ ሊባኖስ (ሽዋ) ክኣብዩ ፈቲኖም'ኳ እንተ ነበሩ፡ ዘርኣ ያዕቆብ ንጉስ ኢትዮጵያ፡ ካልእ ይትረፍ ንኣ ባዩ ወዲ'ውን ዘይንሕፍ ብሞት ዝቐጽዕ ምኻኑ ስለ ዝተረድኡ፡ ኣብ መንጎኡ ፈሪሖም ገደፉዎ።[28]

ካብኡ ኣትሒዙ እዚ ሎሚ ዝብዕለሉ ዘሎ ኣገባብ ኣበዓዕላ ሒዙ ይርከብ። ብዝኾነ ንኣስታት 120 ዓመታት ዘዘራረበ ጉዳይ ብ1442 ዓ.ም.ግ (1450 ፈ.) ብዓወት መምህራን ቤተ ክርስቲያን ኤርትራን ሰዓብቶምን ተዛዘመ።[29]

## ትንሳኤን ምዕባለን ስነ ጽሑፍ ግእዝ

ቋንቋ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት መረዳድእን ትንተናዊ መግለጺ ሓሳባትን ኮይኑ፡ ከም ነቶሉ ሕይወተ ሰብ፡ ኣብ ኣእምሮን ልሳንን ሕዝቢ ይውለድ፡ ይዓቢ መወዳእታኡ'ኸኣ ሕልፈት የርከቦ። ቋንቋ ግእዝ ከኣ በዚ ባህርያዊ መስርሕ ልሳን ክሓልፍ ግድን ስለ ዝኾነ ንልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኣብ ኣግኣዝያንን መጻምርቶምን ከገልግል ጸኒሑ ካብ መልሓስ ተዛረብቱ በብቑሩብ ሓቐቐ። ግዳ

27 ገድለ ዮናስ ብራና። * C.E. vol. 4 p. 1013-1014. * Ch. S.E. p. 230.
28 E.J.D. p. 121.
29 ኢ.ቤ.ክ.መ.ቃ. (ስርግው) "በ" ገጽ 7፡ 15፡ 125። * "ዐ" ገጽ 47።

ካብ ዝርርብ ሕብረተ ሰብ'ኳ እንተ ተወገነ ብብዘመኑ ዘፍረዮ ቅርስታት ንትውልደ ትውልድ ኣውሪሱ ኢዩ ሓሊፉ።

ልሳነ ግእዝ ኣብ ዝርርብ ማሕበረ ሰብ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ይኹን ካብ ዝርርብ ተወጊኑ ኣብ መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ኣብ ስነ ጽሑፍን ኣብ ዝተወሰነሉ ኣዝማን ብዘይካ'ቲ መጻሕፍተ ቤተ ክርስቲያን ካብ ናይ ወጻኢ ቛንቛታት ብሃገራዊ ትርጉም ምቕያሩ፡ ብብእዋኑ ብመልክዕ ገድላት፡ ድርሳናት፡ ተኣምራት፡ መልክዓት (ግጥምታት) ቅኔታትን ስርዓታትን ወዘተ. ብዙሕ ናይ ሕጊ፡ ታሪኽ፡ ፍልስፍና፡ ቍጽሪ፡ ስነ ፍልጠትን፡ ናይ ፈለክን (ጠፈራውያን ነገራት) ካልእን መጻሕፍቲ ተጻሒፉዎ ኢዩ።

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ኩነታት ሃገርና ብጽሑፋተ ብራና ስለ ዘይተሰጋገረ ሰፊሕ መረዳእታን ዝርዝር መግለጽን ንምርካብ ብኸዕታ ኣሰረ ጥንቲ ኢዩ ሃሰስ ክብሃል ዝክኣል። ድሕሪ ምምስራት ክርስትና ግን ካብ ጽሑፋት ብራናታት ቤተ ክርስቲያን እኹል መረዳእታ ታሪኽ ሃገር ንምርካብ ኣየጸግምን።

ቋንቋ ግእዝ፡ ካብ ምጅማር ክርስትና ንነጀው ዝነበሮ ኩነታትን ዘበርከቶ ቁም ነገራትን ንምንጻሩ ክጥዕም ከምዚ ዝስዕብ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ኽፍላተ ዘመናት ክኽፈል ይክኣል።

<u>ቀዳማዊ፡ ዘመነ ጽሑፍ ግእዝ፡</u> ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻብዓይ ዘመን፡

<u>ካልኣዊ፡ (ዳግማዊ) ዘመነ ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡</u> ካብ ሻብዓይ ክሳዕ ዓሰርተ ኽልተ ዘመን፡

<u>ማእከላዊ፡ ዘመነ ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡</u> ካብ ዓሰርተ ኽልተ ክሳዕ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዘመን፡

<u>ዳሓራዊ፡ ዘመነ ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡</u> ካብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ክሳዕ መበል ዕስራ ዘመን፡





<u>ቀዳማዊ፡</u>

ከምዚ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ጽፍሕታት ኣኻውሕ ኣብ ሰሌዳታት ሓወልትን ቀጸላታት ኣእማንን ዝርኣዩ ዘለዉ፡ ቅድሚ ዘመነ ክርስትና ዝነበሩ ጽሑፋት፡ ኣብ ዓውደ ክርስትና ኣገዳስነት ስለ ዘይነበሮም ተገሊሶም ተረፉ። ብኡ ኽአ ዓለማዊ ስነ ጽሑፍ እና ተሓተ፡ መንፈሳዊ ስነ ጽሑፍ እናለዓለ ይመጽእ። ኣብ ቀዳማዊ መዋዕል ዘመነ ግእዝ መብዛሕትኦም መጻሕፍተ ቤተ ክርስቲያን ካብ ቋንቋ ግሪኽ፡ ክፉሎም ካብ ኣራማይስጢ (Aramaic፡ ቋንቋ ሶርያ) ናብ ቋንቋ ግእዝ ተተርጐሙ። ንሳቶም ከኣ፦

1. <u>ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡</u> ምሉእ ብሉይን ሓዲስን መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ተወሰኽቱ ወይ ተደረብቱ (Apocrypha)
2. <u>መሰረተ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ፡</u> መጽሓፈ ቄርሎስ መቕድሙን ቀዳሞት 6 ምዕራፋትን ብቕዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ዝተጻሕፉ፡ ዝተረፈ ብኻል ኦት ቅድሚኡ ዝነበሩ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ዝተ መሓላለፈ፡ ተወሃሂዱ ብስም ቄርሎስ ዝጽዋዕ።
3. <u>ስርዓተ ገዳም ሕገ ምንኵስናን፡</u> ኑባሬ ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን ሕይወተ እንጦንስ ኣበ መነኰሳት ስርዓተ ጳኾሚስ ሰራዔ ማሕበር መጽሓፈ መነኰሳት ፊልክስዩስ ማር ይስሓቅ።
4. <u>መጽሓፈ መድሓኒት፡</u> (ፈውስ) ንመድሓኒት (ፈውሲ) ዝኾኑ ዕጸዋት ዝገልጽ ኣብ ሃገርን ዘመንን ተስዓቱ ቅዱሳን ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ፡ ብቐዳማይ ረድኤት ዘገልግል ዕጸ መድሓኒት ብኣኣቶም ዝመጸ ፊሳልጎስ ዝጽዋዕ (ብዛዕባ ኣራዊትን ኣእማንን'ውን ዝገልጽ)
5. <u>ጸሎተ ቕዳሴ (Liturgy ሊጡርጊያ)፡</u> ካብዚ ሎሚ ዘሎ መጻሕፍተ ቕዳሴ ብኽፋል፡ ብፍላይ'ኳ ቅዳሴ እግዚእ፡ ቅዳሴ ሓዋርያት ... ሽዑ ተተርጒመን ተወሃሂደን።

6. <u>ዜማ ቤተ ክርስቲያን፡</u> ምስ ዜማታት ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ሶርያ ዝመሳሰል ዓይነት ምህልላ፡ ኪርያ ላይሶን (Litanea፡ ሊጦን) ከም ናይ ሃገርና ውዳሴን መንፈሳዊ ደርፍን ዝመሰለ ዓይነት ዜማ ምስ ጸንሐ፡ ንዕኡ ተኪኡ ዝርከብ ድጕዓ (ድጓ) መጽሓፈ ዜማ ቀዳማይ ክፋሉ፡ ኣብቲ ዘመን'ቲ ተደርሰ።
7. <u>መጽሓፈ ሄርማን ኖላዊ፡</u>
8. <u>መንፈሳዊ ልብ ወለድ፡</u> ነገረ ኣራዊት ዘለዎ ከም መጽሓፈ ነጌ (ሓርማዝ) ኣጸሓሕፋ ልብ ወለድ፡ ሽዑ ተጀመረ። እዝን ካልእን ኣብ ቀዳማዊ መዋዕለ ግእዝ ዝተፈጸመ ነገር ኢዩ።

<u>ዳግማዊ</u>

ቅድም ኢሉ ከም ዝተገልጸ፡ ከምቲ ህላዌ ወዲ ሰብ፡ ካብ ልደት ክሳዕ እርጋን ዘሎ መስርሕ ዕቤት ፈጺሙ ወይ'ውን ኣብ መንጎኡ ተኾሊፉ ብሞት ዝሓልፍ፡ ዝኾነ ቛንቋ ኸኣ ዕድሚኡ ይንዋሕ ይሕጸር፡ ፈለማ ተፈጢሩ ንዝተወሰነ መዋዕል ምስ ጸንሐ፡ መወዳእታኡ ሕልፈት ስለ ዝኾነ፡ ቋንቋ ግእዝ'ውን ልዑል መራኸቢ ቛንቋን ብሕታዊ ስነ ጽሑፍን ኮይኑ ኣብ ማእከለ ብዙሓን ድሕሪ ምግልጋሉ ካብ ዓስራይ ዓሰርተ ሓደ ዘመን፡ ንደሓር ብብቑሩብ ካብ ዝርርብ ዓዲ ወዓለ።

ካብ ቀደም ጀሚሮም ብሸነኽ ሰሜን ኤርትራ ነገደ ብጋይ (ቤጃ) ካብ መጸናብሮ ኣፍላጋት ኣትባራ ኒል ኣትሒዞም ንደቡብ ክደፍኡ፡ ነገደ ግእዝ ከኣ ብሳሕለ ባርካ ከምኡ'ውን ብወገን ኣቹሱም ኣቢሎም ንሰሜን ገጾም ክጕንጹ ብብእብረ እናተዓባለሉን እናተደባለቑን ምስ ጸንሑ ዝተሓናፈጸን ዝተሓቘነን ባህሊ ክልተ ወገናት ኣብ መንጎኡ ንቛንቋታት ትግረ ትግርኛ ኣማዕበለ።

ብወገን ደቡብ ክንየ ኤርትራ እውን ብምትሕውዋስ ልሳነ ግእዝ ወኣገው ቋንቋ ኣምሓርኛ ሰረጸ (ተቐልቀለ)። ሽዑ ዘረባ ግእዝ በዝን በትን ተኸቢቡ ኣውራ ኣብ ማእከል ደሴት ትግርኛ ተዓግተ። ዝርርቡ ንኹለን ልሳናት ትግረ-ትግርኛ ኣምሓርኛ ወዘተ. ኣወፍዩ ኣብ ጽሑፍ፡ ኣብ ትምህርትን መንፈሳዊ ኣገልግሎትን ተሓጽረ።

ካብቲ እዋን'ቲ ንነጀው ንቛንቋታት ትግረ-ትግርኛ፡ ኣምሓርኛ ዝሰማምዑ ካብ ፊደላት ግእዝ፡ ሰ፡ ቀ፡ ተ፡ ነ፡ ከ፡ ዘ፡ ደ፡ ጠ፡ ተወሲዶም ብርእሶምን ብእግሮምን ጨንፈር ተወሲኹዎም፡ ሸ፡ ቐ፡ ቸ፡ ኘ፡ ኸ፡ ዠ፡ ጀ፡ ጨ፡ ተዳቐሉ።[30]

ብኻልእ መዳይ ምምስራት እምነት ምስልምና ኣብ ሃገረ ዓረብን ምስጋር ናብ ሃገርናን ምስ ኮነ፡ ኣብ ማእከል መላግቦ ክርስትና ምድረ ሓበሻን፡ ኣህጉረ ክርስትና ማእከላይ ምብራቕ ወሰሜን ኣፍሪቃን ወሽመጥ ብምእታው ኣብ መንጎ ጋግ ስለ ዝተፈጥረ መብዛሕትኡ ትርጉም መጻሕፍቲ፡ ከምቲ ናይ ቀደም ግሪኽ ሶርያ ምኳኑ ተሪፉ፡ ብግብጺ ኣቢሉ ካብ ቋንቋ ዓረብ ናብ ቋንቋ ግእዝ መገዲ ቐየረ። ኣብዚ መስጋግሮ፡ ዳግማውን ማእከላውን ዘመን ካብ ዝተተርጎሙ፡-

1. ገድለ ሓዋርያት 3. ውዳሴ ማርያም
2. መጽሓፈ ግንዘት 4. ገድላተ ቅዱሳን ወዘተ.

ምጥቃስ ይኣክል።[31]

<u>ማእከላዊ</u>

እዚ መዋዕል'ዚ ልዑል ወርቃዊ ዘመነ ጽሑፍ ግእዝ ዝብሃል፡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ዝተተርጎሙሉ፡ ሊቃውንተ ቤተ ክርስቲያን ዝደረሱዎምን ዝዓለዉዎምን ናይ ታሪኽ፡ ዜማ ቅኔ፡ ሕግን ስርዓትን ናይ ቍጽሪ፡ ፍልስፍና፡ መድሓኒት፡ ናይ ፈለክ (Astron-

30 ሀ.ደ.ኤ.. ገጽ 12-13. * A.M.E.H. p. 279.
31 ብሔራዊ ተሰናእዎ ዘልሳነ ግእዝ ብቀ. ዓለማዮሁ ንሰሚናር ዝቐረበ።

ወለድ'ውን የለማምድ።

11. <u>መልክዓት፡</u> ካብ ጽጉሪ ርእሲ ክሳብ ጽፍሪ እግሪ ዘለዉ ኣካላት ቅዱሳንን ካልእ ስያሜታትን እናጠቐሰ፡ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 50 ክፍላት ኣካልን ካልእን ሰምዩ ዝውድስ ሰላምታ፡ ሓደ መልክዕ ሓሙሽተ ቤት (ግጥሚ) ዓረፍተ ቃላት ዘለዎ፡ መልክዓ ማርያም፡ መልክዓ ኢየሱስ ወዘተ. ዓርኬ፡ ውዳሴ፡ ሰላምታ።

12. <u>ትርጓሜታት፡</u> ግእዝ ብግእዝ ዝትንትን ብውሽጢ'ቲ ንባብ ዝህሉ ሕቡእ ምስጢር ዘንጽርን ዘብርህን ትንተናዊ መግለጺ ሓተታ ወምሳሌ፡ ካብ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ቤት ትምህርቲ እስክንድርያ ዝተወርሰ ብሃገራዊ ስነ ትርጓሜ ዝማዕበለ (Aligoric) ስነ ትርጓሜ ወንጌላትን መልእኽታትን ብሉይ ኪዳንን ሓዲሽ ኪዳንን ወዘተ.

13. <u>መርትዖ፡</u> (ጭብጥታት) በበይኑ ዓይነት ክርክርን ክሕደታትን ጥርጣረታትን ሃይማኖት ንዘምጽኡ መናፍቓን፡ መርትዖ ዝኾኑ ተዋጽኦ ጥቕስታት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝሓዙ መጽሓፈ ምስጢር፡ መጽሓፈ ምእላድ ወዘተ.

14. <u>ሃይማኖታዊ ወይ ነገረ መለኮታዊ ዓውደ ጥበብ፡</u> (an eneromous Theological Encyclopedia) ከም እስትጉቡእ መጽሓፈ ሓዊ ዝመሰሉ።

15. <u>ፍልስፍና</u> (Phylosophy)፡ ኣንጋረ ፈላስፋ፡ ንባብ ወምሳሌ ዘጠቓልል እለ ብዙሓን ኣህጉር ወዘመናት፡ ጠቢብ ጠቢባን ወግሪስ ጠቢብ።

16. <u>ስነ ፍጥረት ወስነ ፍልጠት፡</u> ኣክሲማሮስ፡ ፊሳልጎስ፡ መጽሓፈ ሥነ ፍጥረት ቀዳማዊ ወዳግማዊ።

17. <u>መዝገበ ቃላት</u> ወሰዋስወ ግእዝ፡ ዓንቀጸ ግሲ (ቃላት) ወስም (ነባር) ቅኔታት ክሳብ 650 መደብ ዝሓዘ ኣገባብ ሰዋስው፡ ብንጹር ቤት ዝገጥም ቅኔ (ግጥሚ)

18. <u>ይትበሃል</u> (ባህለ ነገር)፡ መጽሓፈ እርግና ወውርዝውና፡ ኣገባብን ወግዕን ዝገልጽ።

19. <u>ስነ ምግባር፡</u> ሕዝበ ክርስቲያን ክገብሩዎ ዝግብኦም ስነ ምግባር ዘመልክት ከም መጽሓፈ ብርሃን ወዘተ.

20. <u>መጻሕፍተ ፈለክ</u> (Astronomy)፡ ብዘይካ'ቲ ስሩዕ ሓሳበ ዘመን፡ ብዛዕባ ጠፈራውያን ነገራት ጠባይዓተ ኣየር፡ ሚጢተ ብርሃናት ነገረ (ፍካሬ) ከዋኽብት ወዘተ.. ዝገልጽ ምርምር ዝሓትት መጽናዕተ ሃዋህወ ሰማይን ካልእ ብቤተ ክርስቲያን ዘይተፈቕደ ቀንቀኖ ጥንቈላን ዓውደ ነገስትን ከም ሕቡእ ኣስማት እግዚኣብሔር፡ ኢየሱስ ዝሕሰብ ድጋማት፡ ተምሳላት ተጥባበ ነገር።

ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ኣርእስቲ ክጠቓለል ዝኽእል ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ነገራተ ስነ ጽሑፍ ዝሓቑፈ ድኣ'ምበር፡ በዚ ጥራሕ ተገሊጹ ዝኣክል ኣይኮነን። ሓደ መጽሓፍ ንባዕሉ፡ ክልተ ሰለስተ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣሎ፡ ንምሳሌ፡ ገድለ ቅዱሳን፡ ቀዳማይ ክፋሉ ታሪኽ ሕይወት ወለዶምን ናይቲ ጻድቕ ምስ ተጋደሎኡን ስነ ምግባሩን፡ ካልኣይ ክፍሊ፡ እቲ ቕዱስ ኣብ ቅድሚ ሕብረተ ሰብ ዝተንቀሳቐሰሉ ኩነታት ዝገበሮ ተኣምራት ጠባያትን ገጸ ባህርያትን ናይቲ ዝነበረሉ ማሕበረ ሰብ፡ ሳልሳይ ክፋል፡ ናይቲ ጻድቕ መልክዕ ወይ ሰላምታ ብደራሲ ዝተዳለወሉ።

ዘመነ ስነ ጽሑፍ ግእዝ በብመዋዕሉ ተኸፊሉ ክርአ ኸሎ፡ መብዛሕትኡ ፍጻሜታት ስነ ጽሑፍ ዝነበረሉ ንምግላጽ ደኣ'ምበር ኵሉ በዚ ክልፍታት'ዚ ጥራሕ ይውሰን ማለት ኣይኮነን። ንምሳሌ፡ ኣብ ቀዳማዊ ዘመን ተጀሚሩ፡ ኣብ ዳግማዊ ዝተፈጸመ፡ ኣብ ማእከላዊ ኸኣ ተወሲኹዎ ዝተመዓራረየ ዝተመሓ

የሸ ወይ'ውን ቅድም ካብ ግሪኽ ተተርጒሙ ዝነበረ ደሓር ከም ብሓድሽ ካብ ቋንቋ ዓረብ ትርጓሜኡ ዝተደገመ ወዘተ.።

ብሓጺሩ ኣብዚ ማእከላዊ መዋዕለ ግእዝ ክፋሉ ካብ ቅድሚኡ ተሰጋጊሩ ዝተሓደሰ፡ ክፋሉ ምሉእ ብምሉእ ብሊቃውንተ ግእዝ ሽዑ ዝተደርሰ፡ ክፋሉ ካብ ብዙሓት መጻሕፍቲ ተዋጺኡ ዝተወሃሃደን ዝተመዓራረየን፡ (እስትጉቡእ ዝኾነ) ኣብዚ ተወጢኑ ናብ ዳሕረዋይ ዘመነ ግእዝ ዝተሰጋገረ፡ ኵሉ ዓይነት ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡ ኣብ ማእከላዊ ዘመን ዝተዳህሰሰን ዝተሃንደሰን ኮይኑ ይርከብ።

ኣብቲ ቀዳማይ ምብርባር ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡ መበል 13-14 ዘመን፡ ሓሓሊፉ ተወሳኺ መግለጺ ክኸውን ጥበበ ጽሕፈት ግብጺ ሶርያ ኣብ ወሰናስን ጽሑፊ ብራና ተሓዊሱዎን ተሸሊሙን ይርኣ። ናይ ሽዑ ፊደላተ ግእዝ፡ ብቕርጺ ጸፋሕቲ ኵርናዓውያን (መኣዝናውያን) ፍሩያትን ሓደሓደ ብሰዋስውን ቃላትን ግእዝ፡ ካብዚ ናይ ሎሚ ፍሉያትን ዘይስሩዓትን ይመስሉ።

ኣብቲ ቐንዲ ትንሳኤን ምዕባለን ጽሑፋተ ግእዝ፡ መበል 14-15 ዘመን፡ ኵሉ ጥበበ ጽሕፈት ግብጻ-ቢዛንታይን ወይ ሶርያዊ ሜላ፡ በብቑሩብ እናተረፈ ይኸይድ፡ ኵሉ ጥበብ ጽሕፈት ብራናን ስርዓተ ነጥብታትን ወዘተ. ምሉእ ብምሉእ ብሃገራዊ ስነ ጥበብ እናተተክአ ዝመጸሉ ፊደላተ ግእዝ፡ ክበባውያንን ማእከላውያንን ኮይኖም ዝተቐርጹሉ፡ ሰዋስዋዊ ግእዝን ቃላቱን ኣገባቡን ግስታቱን (ቃላቱ) ምስዚ ዳሕረዋይ መዋዕለ ግእዝ ዝመሳሰል ስሩዕ ኮይኑ ዝርኣየሉ ክፍለ ዘመን ኢዩ ነይሩ። ኣብ ገዳማትን ኣድባራትን ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ ጥንታውያን ዝበሃሉ መጻሕፍተ ብራና ካብዚ መዋዕል'ዚ ዝተሰጋገሩ ኢዮም።

ብዘይካ በብሓደን በብእዋኑን ኣብ ዝተፋላለየ ቦታን ዝትርጒሙ ዝነበሩ፡ ብብዝሕን ኣብ ሓደ እዋንን ካብ ነገረ ዓረቢ፡ ናብ ልሳነ ግእዝ፡ መጻሕፍቲ ዝተርጐሙ ግብጻዊ ጳጳስ ኣቡነ ሰላማ መተርጒም (1341-1380 ዓ.ም.ግ))ምስ ሰዓብቶም ብኣብነት ይጥቀሱ።[32]





ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዳግማይ ትርጉም መጻሕፍተ ሲኖዶስ፡ ዲድስቅልያ፡ ግብረ ሕማማት ጸሎተ ሰዓታት ዘግብጽን ካልእን ኣብ ዘመነ ኣቡነ ሰላማን ብመሪሕነቶም ምስ ተሓባበርቶምን ከም ዝተተርጐሙ ብዙሕ መረዳእታ ኣሎ። ስለዚ ድማ ኢዮም ሰላማ መተርጒም፡ ብርሃነ ኣዜብ ተባሂሎም።

ኣቡነ ሰላማ መተርጒም፡ ቅድሚ ናብ ኢትዮጵያ ምስጋሮም፡ ኣብ ዳምባ ምጭ ሰራየ (ደቡብ ደቂ ድግና) ተቐሚጦም ነበሩ።

"ዘአስተሐመመ ዘንተ ትርጓሜ ነቢያት አባ ሰላማ ጳጳስነ ... ለዛቲ ግብረ ሕማማት ዘተርጐማ ብፁዕ ወርቱዓ ሃይማኖት አባ ሰላማ ..." [32.1]

ሰላም ለከ ለአመ ሃይማኖት ሥርዋ፡
ትእዛዛተ አሪት ወወንጌል እንተ ዲቤከ ተከዕዋ፡
ሰላማ ዝክርከ ከመ በነቢነ ነዋ፡
በከናፍሪከ ምዑዛት እመዓዛ ከርቤ ወዐልዋ፡
እምነገረ ዓረቢ ለግእዝ መጻሕፍት ተዐልዋ።[32.2]

ምዕባለ ገዳማት ኣብ ዝብል ርእሲ ከም ዝተገልጸ፡ ጽሑፍ ግእዝ ብዓይነትን ብብዝሕን ክምዕብል ዝኸኣለ፡ ምድንፋዕ ገዳማትን ምብርታዕ ኣብያተ ክርስቲያንን ዝወለዶ መንፈሳዊ መሳርሕን መራኸብን ብምዃኑ ኢዩ። ዝትርጐም ዝወሃሃድ ወይ ዝመዓራረ ይኹን ዝድረስ ጽሑፍ ኵሉ፡ ንሓዋሩ ናብ ትውልደ ትውልድ ክመሓላለፍ ከም ዝኽእል ተሓሲቡሉ ብጽፈቱን ጽሕፈቱን ብጥራዙን ድጒሰቱን ብኣተሓሕዛኡን ኣተዓቓቕባኡን ድልዱል ስራሕን ልዑል ጥንቃቐን እናተገብረሉ ብኽብሪ ይነብር። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍለ ዘመን ሓያሎይ ናይ ጥንቲ መጻሕፍቲ ቤተ ክርስቲያን፡ ኣሰሮም ወይ መበቈሎም ኣብ ዓለም

32 E.B.I.S.E.T.H. p. 21, 133. * መ.ቅ.መ.ቃ. ገጽ 82።
32.1 ግብረ ሕማማት ምንባብ ዘዓርብ ስቅለት ወዘትንሣኤ።
32.2 መጽሓፈ ስንክሳር 20 ነሓሰ ብግእዝ።

ጠፊኡን ተሳኢኑን ኣብ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ግን ካብቲ መሰረታዊ ቋንቋኦም ናብ ግእዝ ተተርጒሞም ካብ ቀደም እናተ ሰጋገሩን እናተቐድሑን መጺኦም ኣብ ገዳማቱ ይርከቡን ምሁራን ዓለም ይድነቑሎምን።

ማዕከናት መጻሕፍቲ ገዳማት ወኣድባራት ስነ ጽሑፍ ብኸመይ የባዝሓን የማዕብላን ከም ዝነበራ፡ ኣውራ ኣብ ማእከላዊ ዘመን ስነ ጽሑፍ ግእዝ፡ ኣብነት ንምጥቃስ፦

ሀ. ኣብ ማሕበራዊ ክፍፍል ዕዮ፡ ጽሕፈተ ብራና ርእሱ ዝኸኣለ መደብ ስራሕ ኮይኑ ከከም ዓቕምን ክእለትን ጕልበት ሰብኣ ገዳም ኣብዚ ዓውደ ዕዮ ጽሕፈት ተዋፊሮም ክፋሎም ቈራብትን ቀመማትን ኣዳልዮም ብራናን ቀለምን ዘቕርቡ ክፋሎም ነዚ ተቐቢሎም ዝጽሕፉ ወይ'ውን ኵሉ ባዕሎም ዘጠቓልሉ።

ለ. ዝተወሰኑ ባሕተውቲ ወይ ኣብ ካልእ ስራሕ ዘይዋፈሩ ብመብጽዓ ጊዜኦም ኣብዚ ግብረ ጽሕፈት ጥራሕ ዘውዕሉ።

ሐ. ጥበበ ጽሕፈት ዝተዓደሉ ኣብ ዓድታት ካብ ዝነብሩ ደባትር ውሉደ ክህነት ብራናታት ጸሒፎም ዓስቢ ድኻሞም ዝቕበሉ ገባርያኑ ሰናይ ዓዲጎም ንገዳማትን ቍሸታትን ዘከፋፍሉ ኵሎም ብብመዳዮም ብዝወፍዩዎን ብዘበርከቱዎን ኣገልግሎት ስሉጥ ምዝርጋሕ፡ ምምቕራሕን ምብጻሕን መጻሕፍቲ ብራና ክኸውን ክኢሉ።

<u>ገዳም ደብረ ማርያም (ቈሓይን)</u> ኣቡነ ኣብሳዲ፡ ካብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ጽሕፈተ ብራና ተማሂሮም፡ ንኻልኦት ምሂሮምን ምስ ካልኦት ኮይኖምን ካብ ገዳሞም ሓሊፎም፡ ንኻልኦት የማቕሉ ምንባሮም ኣቡነ ፊልጶስ ዘደብረ ቢዘን ፈለማ መጽሓፈ ጸሎት (ዓንቀጸ ብርሃን) ካብ ኣቡነ ኣብሳዲ ከም ዝተላእከሎምን





ይፍለጥ።[33]

በብእዋኑ ዝተወፈዩን ዝተመዝገቡን መጻሕፍተ ብራና፡ ብኣቡነ ተወልደመድህን ብ1406 ዓ.ም.ግ ዝተወፈዩ 8 መጻሕፍቲ፡ ብኣቡነ ገብረ ክርስቶስ ብ1438 ዓ.ም.ግ ዝተፈቕዱ 92 መጻሕፍተ ብራና ብኣቡነ ገብረ ክርስቶስ፡ ካልእ ብ1445 ዓ.ም.ግ ዝተወሰኹ 21 መጻሕፍቲ። ኣብ ዘመን ኣበ ምኔት ኣባ ሙሴ ዳግማይ ዝተዋህቡ 50 መጻሕፍቲ ብጠቕላላ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ዕድመ ሰብ (30-40 ዓመታት) ጥራሕ ዝተመዝገቡ 161 መጻሕፍተ ብራና ተፈቕዱ።[34]

<u>ገዳም ኣቡነ ፊልጶስ ደብረ ቢዘን፡</u> እዚ ገዳም'ዚ ፈለማ ሓደ ሓደ መጻሕፍተ ጸሎት፡ ካብ ገዳም ደብረ ማርያም ይረክብ ነይሩ። ኣቡነ ፊልጶስ፡ ጽሑፍ ዓንቀጸ ብርሃን ካብ ኣቡነ ኣብሳዲ ምስ ተላእከሎም፡ ወንጌል ዮሓንስ ክጽሓፈሎም ዝሓተቱዎ ግን ስለ ዘይሰለጠ፡ ብቐዳምነት ሓደ ናይ ጽሕፈት መደብ ስራሕ (ዓውደ ዕዮ) ተቐላጢፎም ኣቖሙ። ብመሰረት'ዚ ኸኣ ገዳሞም ገና ብሕይወቶም ከለዉ ናይ ጽሕፈት መደበርን ናይ ትምህርቲ ማእከልን ኮይኑ ተረኽበ። ባዕሎም ኣቡነ ፊልጶስ'ውን ብ1370 ዓ.ም.ግ ብሉይ ኪዳን፡ መጽሓፈ ኦሪት ኣጽሓፉ። ብድሕሪኡ ከኣ ኣዝዩ ማዕበለ።[35]

መስራቲ ገዳማት ደብረ ኰዳዱን (ጽልማ) ደብረ ምዕዋንን (ጕደይቲ) ኣቡነ ብጹዓ ኣምላኽ ኣብ 1433-1475 ዓ.ም.ግ ኣብዚ ገዳም ደብረ ቢዘን በበይኑ ምስጢራትን ትርጕማትን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተማህሩ፡ መጽሓፈ ገድሎም ይነግር።[36]

ከምቲ ኣብ መቕድመ ጽሑፉ፡ "ወዝስ መጽሐፍ ምክሕ ውእቱ

[33] ገድለ ኤዎስጣቴዎስ ብራና። * ኣ.ቤ.ክ.መ.ቃ. "ደ" ገጽ 172።
[34] ወንጌል ወገድለ ሰማዕታት ብራና (ደብረ ማርያም)
[35] ኣ.ቤ.ክ.መ.ቃ. "ደ" ገጽ 172።
[36] ገድለ ብጹዓ ኣምላክ ብራና።

ወኀበ ባዕዳን መካናት ኢይትረከብ ዕቀብዎ በተጠናቅቆ ወበአክብሮ፡” “እዚ መጽሓፍ’ዚ ኣብ ካልኦት ቦታታት ዘይርከብ ሓበን ኢዩ'ሞ ብጥንቃቐን ብኽብርን ዓቅቡዎ፡” ዝበሎ ብፍሉይ ዝጥቀስ ብ1492 ፈ. ዝተጻሕፈ ሰማንያ ወአሐዱ (፹፩:81) ዝጽዋዕ ብሉይን ሓዲስን ኪዳናት ምስ መወሰኽታኡን መጽሓፈ ኪዳን ዲድ ስቅልያ ሲኖዶስ ዘሊቃውንት፡ ኮሉ ምስ ሓጺር መግለጺታት ኣብ ሓደ መዝገብ ዝተጠረዘ ክሳዕ ሎሚ ተወዳዳሪ ዘይብሉ በዓል 3 ዓምደ ጽሑፍ 48X39 ሴንቲ ሜትር ዝመጠኑ 45 መስመረ ጽሑፍ 576 ቈጽለ ብራና ወይ 1152 ገጻት ዝሓዘ ኣስታት 30 ኪሎ ዝምዘን ክብደት ዘለዎ ግዙፍ ድጉሲ መጽሓፍ ቅዱስ ይርከብ። ብዘይካ’ዚ ባሕረ ሓሳብ ግእዝ ክምዚ ሎሚ ዘለዎ ኮይኑ፡ ቅድሚ ምምዕርራዩ ብ1474 ዓ.ም.ግ (1481 ፈ.) ዝተጻሕፈን ናይ ሾብዓተ ሺሕ (7000) ዓመታት መግለጺ ኣዝማናት፡ ሱባዔታት ኣጽዋማትን በዓላትን ... ዝተቐመሮ በዓል 35 ኣርእስቲ መርበ ብተ ሰሌዳ (Calendarical Table) መጽሓፈ ሕርግራግ (ሰንጠረዥ) ኣብ ካልእ ዘይርከብ ብራና ሓሳበ ቢዘን (Mathematics Conserning by the Monastry of Debre Bizan) ኣሎ።[37]

<u>ገዳም ኣቡነ ዮናስ፡ ደብረ ድኅኃን (ቈሓይን)፡</u>

> “ወአነ ብሌን ሰገደ፡ ቀዲሙ ሐነጽክዋ ለደብር ቅዱስ፡ ... ምድረ ግንባ ልዑል፡ ወካዕበ አኃዝዋ አቡነ ዮናስ ለኑና አነሂ ሐነጽክዋ ወወሃብክዋ ሕዜሃ... ፹ወ፩ዱ መጻሕፍተ ሕግ፡”

“ኣነ ብሌን ሰገደ (ሹም ሰራየ) ቅድም ንደብር ቅዱስ ምድረ ግምባ ልዑል (ደብረ ጽጌ ተኸላ) ሃነጽክዋ። (1447 ዓ.ም.ግ) መሊሰም ኣቡነ ዮናስ ንኑና (ደብረ ድሁሃን ቈሓይን) ምስ ሓዙዋ ኸኣ፡ ንዓኣ ሃኒጸ (ብ1470ታት ግእዝ) ገዝማ (ህያባ) 81 መጻሕፍተ ስርዓት ኣወፈይኩላ፡” ዝብሎ ጽሑፍ’ውን ከምኡ መርኣያ ምዕባለ ስነ ጽሑፍ ግእዝ ናይቲ መዋዕልቲ ኾይኑ ይርእ።[38]

ብኡ መጠን ድማ ብኣዋርቕ፡ በራውር፡ ሃሪ፡ ወዘተ. ዘጌጹ ክቡራት ንዋያተ ቅድሳትን ኣልባሳትን ርስተ ጕልትን ካልእ ህያባትን ቤተ ክርስቲያን ክትሽለም ጸኒሓ ኢያ። ብሓፈሻ ገዳማትን ኣድባራትን ኤርትራ ብምቕሉል ኣገላልጻ ተቐዋማተ ስነ ጽሑፍ፡ ኣብያተ ንባብ፡ ማእከላት ስነ ጥበብ፡ መምሃርን መማራመርን መንፈሳውያን መጋባእያታት (ጉባኤ መንፈስ) ተባሂለን ክግለጻ ይኽእላ። እዚ ናይ ማእከላዊ ዘመን ዋሕዝን ናህርን ምዕባለ ጽሑፍ ስነ ጽሑፍ ግእዝ ናይ ማእከላዊ ዘመን ተሰጋጊሩ፡ ንቕድሚት ድፍኢት ፈጢሩ ክሳዕ ሎሚ ይርከብ ኣሎ ኣሰሩ።

## <u>ደሓራዊ</u>

ኣብዚ ክፍለ ዘመናት’ዚ ስነ ጽሑፍ ግእዝ ካብቲ ዝነበሮ እናዘሓለ ይኸይድ፡ ቤተ ክርስቲያን በበይኑ ተጻብኦታት የጋጥማ። ብዝኾነ ግን ብዘገምታዊ ስጉምቲ ዝካየድ ህዱእ ጕዕዞ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ብሰለይ መለይ ጕዕዞኡ ይቕጽል።

ኣብ መሰጋገሮ ማእከላውን ደሓራውን መዋዕለ ግእዝ ኣብቲ ቅድም ዝነበረ ስነ ትርጓሜ ግእዝ ብግእዝ ዝትንትን ኣብ ማእከሉ ፈጕፈጉ፡ ትርጉም ግእዝ ብኣምሓርኛ ይኣቱ። በዚ ተጽዕኖ'ዚ፡ ድምጸ ጕረሮ ፊደላት ግእዝ “ሐ፡ ሠ፡ ኀ፡ ዐ፡ ፀ፡ ኣብ ንባበ ግእዝ ደሃዮም ይጠፍእ። ፊደላት ሀ፡ ሃ፡ ሐ፡ ሓ፡ ኀ፡ ኃ፡ አ፡ ኣ፡ ዐ፡ ዓ፡ እውን ግእዞምን ራብዖምን ይተሓዋወሱ። ድምጸ ጕረሮ ውሉደ ክህነት ተዛረብቲ ትግርኛ ኣሰር ደሃይ ጕረሮ ውሉደ ክህነት ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ብልማድ ተኸቲሉ፡ “ሐ፡ ዐ፡” ክይተረፈ ኣብ ንባብን ዜማን ግእዝ ከም “ሀ፡ አ፡” እናድመጸ ክሳዕ ሎሚ የንብቦም ኣሎ።

ዝኾነ ኾይኑ ኣብ መሰጋገሮ ማእከላውን ደሓራውን መዋዕል

---

37 ሰማንያ ወአሐዱ ወመጽሐፈ ሕርግራግ፡ ሓሳበ ቢዘን ብራናታት ገዳም ደብረ ቢዘን።

38 ኣርባዕቱ ወንጌል፡ ወገድለ ዮናስ ብራናታት ገዳም ደብረ ድሁሃን።

ዘመነ ግእዝ ናይ ቅድም ዝሰዓቡ ዝተተርጐሙ፡ ዝተወሃሃዱ፡ ዝተደርሱን ዝተጠርነፉን ጽሑፋት ብመጠኑ ኣለዉ።

1. መጽሓፈ ሓዊ (እስትጉቡእ፡ ትምህርተ መለኮታዊ ዓውደ ጥበብ Theological Encyclopedia ብ1545 ዓ.ም.ግ ተተርጐመ)
2. ዮሓንስ መደብር
3. ዜና እስክንድር (ታሪኻዊ ልብ ወለድ)
4. ሃይማኖተ ኣበው
5. ፈውስ መንፈሳዊ
6. መጽሓፈ ቀንዲል
7. መጽሓፈ ፈላስፋ (ኣንጋረ ፈላስፋ፡ ንባብ ወምሳሌ ዘጠቢብት እለ ብዙሓን ኣህጉር ወዘመናት
8. መጽሓፈ ንስሓ
9. ኣረጋዊ መንፈሳዊ (መጽሓፈ መነኮሳት)
10. መልክዓተ ቅዱሳንን መብዛሕትኡ፡ ዓርኬን ሰላምታን
11. ምምዕርራይ ባሕረ ሓሳብ ግእዝ፡ ክምዚ ናይ ሎሚ ብ1600 ዓ.ም.።
12. ምምዕርራይን ምጣኔን ዜማታትን ቅኔታትን ... ብሓፈሻ ኾሉ ስርዓታተ ውዳሴን ቅዳሴን ትምህርተ ቤተ ክርስ ቲያን፡ ኣብ ዝለዓለ መዓርጉ ዝበጽሐን ናይዚ ሎሚ ዘሎ መልክዑን ኣገባቡን ዝሓዘን ካብ መበል 16-17 ዘመን ንነይሮው ኢዩ።

ኣብዚ መዋዕል'ዚ ምስ ጽሕፈተ ብራና ሕትመት ወረቐት ይተኣታቶ፡ ጽሑፋት ካብ ብራናን ጽሕፈተ ኢድን ናብ ወረቐትን ማሕተመ ጥበብን ይስጋገሩ። ብዛዕባ ጽሑፋት ምድረ ሓበሻ ይመራመሩ ካብ ዝነበሩ ሓደ ጀ. ፓትካን (J.Potkan) ዝተባህለ ኢጣልያዊ ኣብ ሮማ ብፊደለ ግእዝ ቤት ማሕተም ተኺሉ ናይ መጀመርታ ሕታም ጽሑፈ ግእዝ ዝኾነ መዝሙረ ዳዊት





ብ1531 ፈ. ሓቲሙ ዘርግሖ። ውሉደ ክህነት "ሮሜ" ብዝብል ቅጽል ስም ይጽውዑዎ።[39]

ኣብ ሃገርና ምስ ምምጻእ ሚስዮናውያን ካቶሊክን ወንጌላዊትን ቤት ማሕተም ቀይሙ፡ ኣብ ምሕታም ጽሑፋት ቤተ ክርስቲያንን ቤት ትምህርትን ኣበርክቶ ኣወፍዩ ኢዩ። ድሕሪኡ ብ1947ዓ.ም.ግእዝ ማሕበረ ሓዋርያት ተመስሪቱ ቤት ማሕተም ብምትካል ቅዱሳት መጻሕፍቲ መዛግብተ ጥምቀት ወከብካብ (መርዓ) እዋናውያን ኣስተምህሮታት ዘለዎም ጽሑፋት ... ብቛንቛ ግእዝን ትርጓሜኡን እናሕተመ ክከፋፍል ጸኒሑን ኣሎን። ብዝኾነ ሕጂውን ጽሕፈተ ብራና ህላዌኡ ኣየቋረጸን።

## ኪነ ጥበብ ወስነ ጥበብ ቤተ ክርስቲያን

ናይ ጥንቲ ስርሓት ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡

1. መኣዝናዊ (Baslical) ብሽነኽ ምብራቓዊ ጫፉ ሓውሲ ክቢ ወይ ጐድኑ ብዙሕ ድባብ መሰል ቅርጺ ዘለዎ፡ ብውሽጡ ሃጓፍ መንደቕ (ተድባብ) ብኽልተ ጐድኑ ክልተ ትርብዒት ክፍልታት ዝሓዘ ብቐድሚት መእተዊ (ሸነኽ ምዕራብ) ምስጢረ ሃይማኖት ንምምሃር ወይ ንምንሳሕ ዝግልገሉ ሓውሲ ደርቢ (ርሻን) ንእሽቶ ኽፍሊ ዝርከቦ ዓይነት ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ክም ዝነበረ ኣብነት ሓደጊ ህንጻታት ቤተ ክርስቲያን ኣዱሊስ የረድእ።
2. ክምዚ ናይ ኣዱሊስ እንክሎ ምብራቓዊ ጫፉ ሓውሲ ክቢ ዘይኮነስ ርቡዕ ኵርናዕ (ትርብዒት) ዝተድባቡ (ውሽጠ ሃጓፍ) ኢዩ። ናይዚ ዓይነት ህንጻ ኣብ ቆሓይቶን ናይ ቀደም ሓድጊ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ተኾንዳዕን ተረኺቡ።
3. ነዊሕ መኣዝናዊ (ርቡዕ ኵርናዕ) ኮይኑ ኣብ ዳሕራይ ጊዜ

39 Selamta The In-Flight Magazine of Ethiopia AIRLINES vol. 1 No. 1 p. 22.

እቲ ትርብዒት ክፍለ ህንጻ ቤተ መቕደስ (ቅድስተ ቅዱሳን) ካብ ጫፍ ናብ ማእከል እቲ ነዊሕ ርቡዕ መኣዝናዊ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን እናኾነ መጸ።

እዚ ብኸዕታ ዝተረኽበ ኣሰረ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን ነዊሕ መኣዝናዊ (ነዊሕ ትርብዒት) በዓል ሰለስተ ውሳጤ ቀመር (ተድባብ) ውስጠ ሃንፍ፡ ምስ መጠመቒ ጋብላ፡ ኣብ ጥንታዊት ሶርያ ዝውቱር ዝነበረ ቅዲ ቤተ ክርስቲያን ስለ ዝኾነ ኣበርክቶ ተስዓቱ ቅዱሳን ዝተሓወሶ ከይኮነ ኣይተርፍን ይብሉ ተማራመርቲ።[40]

ናይ ቀደም ህንጻታት ኣብያተ ክርስቲያን ኣዱሊስ ዝተፈላለያን ዝመሳሰላን ኮይነን፡ ብ1906 ፈ. ፓሪቤኒ ብዝተባህለ ኢጣልያዊ ዝምራሕ ጉጅለ ሰባት ኣብ ዝገበሮ ኲዕታ ብምዕራባዊ ወገኑ ብውሽጡ ኣዕኑድ ኣእማን (ኣዕማደ ኣእባን) ዝሓቘፈ ምድረ ቤቱ፡ ብጸፋሕቲ ኣእማን (ቀጸላታት) ዝተረግረገ (ማቶኔላ መሰል) ሕዝቢ ዝጽልየሉ ማእከላይ ክፍሊ ቤተ ክርስቲያን (ቅድስት) ከምኡ'ውን መቐመጢ ንዋየ ቅድሳት ክኸውን ዝኽእል ተኸፊቱ ብመሳልል ንታሕቲ ዝውረድ፡ ኣብ ማእከል ምድረ ቤቱ ዝተሰርሐ መትሕተ ምድር (under ground ግበ ምድር) ብሸነኸ ምብራቕ ካልእ ቤተ ክርስቲያን፡ ምስኡ ክልተ ዘደንቕ ነገራት፡ ሓደ ኣብ ውሽጢ ስሚናዊ ተድባበ ቤተ ክርስቲያን (ውሳጤ ቀመር፡ ሃንፍ መንደቕ) መጠመቒ ጋብላ (Baptismal Tank) ካልኣይ ኣብ ማእከል እቲ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ሸሞንተ ኵርናዕ (8 መኣዝን) ዘለዎም ትርፎፍየ ኣዕኑድ ኣእማን ዝርከበን ኪነ ህንጻታት ኣብያተ ክርስቲያን ነበረ።

ጥንታዊት ከተማ መጠራ፡ ምብራቓውን ደቡባውን ሸነኽ ብኸዕታ (1959-1970 ፈ.) ዝተጋህደ ኪነ ጥበብ ህንጻታት ሰለስተ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ሕን ብዘለዎ ቀጽሪ ዝተኸበበ፡

40 A.M.E.H. p. 121.





ኣብ ማእከል መረባኡ ህንጻ ሃይማኖት ክርስትና ዝቐመሉ ኵሉ ኣገባብ ኣተሃናንጻኡ ልክዕ ከምቲ ናይ ኣዱሊስ ኮይኑ ተረኺበ።

ቆሓይቶ ዝዓቘረቶም መብዛሕትኦም ናይ ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ሓደ ኾርባ ዝርኣዩ ኣዕኑድ ኣእማንን ከምቲ ናይ መጠራ ዝመሳሰል ቅርጺ ዘለዎ መሰረተ ህንጻን እውን መርኣያ ጥንታዊ ኪነ ጥበብን ታሪኽን ቤተ ክርስቲያን ኢዮም።[41]

ብሓፈሻ ናይቲ ቀዳማይ መዋዕል ጥበበ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን፡ ከምቲ ኣብ መዓሙቕ ፈለገ ኒልን ሶርያን ልሙድ ዝነበረ መኣዝናዊ (ትርብዒት) ወጸእተይናታት ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣኹሱማዊ ቅዲ ዝብሉዎ ዓይነት ህንጻ ኣብ ኣዱሊስ፡ ዝባውንቲ ቆሓይቶን ተኾንዳዕን ዝተራእየ ኣሰረ ህንጻታት ከም ዘመልክቶ፡ መደያይቦ መድረኽ ዘለዎ ብቐስታዊ ርቡዕ ኵርናዕ ኣዕኑድ ኣእማን ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ዝተመቕለ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ዝውቱር ነበረ። ኣብነት ናይዚ ዓይነት ኪነ ጥበብ ከኣ ጥንታዊ ስራሓት ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ኣስመራ የረድእ። ካልእ ናይ'ዘን ኵለን ኣብያተ ክርስቲያን መርኣያ ድማ ክሳዕ'ዚ ቐረባ ጊዜ ዝጸንሐ ናይ ቀደም ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ደብረ ወርቅ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ሃም የጣልል።

ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ዘመነ እኒ እኒ ሰፈረ ኣሕዛብ ምንባራ፡ ኣብ ዘመነ ክርስትና'ውን ጥንታዊት ከተማ ምኳና ዝገልጹ ትእምርታትን ኣሰራትን ከም ዝጸንሑ ጸሓፍቲ ታሪኽ መዝጊቦም ይርከቡ።

ምዕባለ ኣስመራን ዕዳጋኣን ምስ ብሕታውነት ወደብ ምጽዋዕ ዝተተሓሓዘ ኾይኑ፡ ካብ 10ይ ዘመን ኣቢሉ ከም ዝጀምር ይእመን።

ኣስመራ ብሓደ መዳይ ካብ ምጽዋዕ ናብ ድባርዋ ብኡ ገይሩ

41 GHA p. 205-206. * ኣፈ. ቅ. ገጽ 13።

ንስግር መረብ ዝሓልፍ መስመረ ንግዲ ዘቋርጸላ ብኻልእ ወገን ካብ ኢትዮጵያ ከይተረፈ ናብ ኢየሩሳሌም ዝሓልፉን ዝመላለሱን ነጋድያንን ገያሾን ዘዕርፉላን ዋጋ ዕዳጋ ዝለዋወጡላን ኣብ ማእከል ቐራና መገዲ ዝተደኮነት ስፍራ ብዙሓን ነበረት።

ኣብ 12-13 ዘመን፡ ብቕድስት ማርያም እትስመ ቤተ ክርስቲያን ተሃንጸት። ካብኣ ፍንትት ኢሉ ሰለስተ ኣርባዕተ ኣብያተ ክርስቲያናት'ውን ኣብ ከባቢኣ ነበራ። እዛ ናይ ደቂ ዓዲ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን ካብ ዘልዕሉዋ መጻሕፍተ ታሪኽ፡ ሓደ ናይ 1320 ታት ዓ.ም ፍጻሜ ዘዘንቱ፡ ገድለ ኣቡነ እንድርያስ (መስራቲ ገዳም ደብረ ጽጌ ሰፍኣ) እዚ ዝስዕብ ጥቕሲ ኣለዎ።

> "... እንድርያስሰ አረጋዊ ውእቱ፡ ወቦቱ፡ አሐዱ አድግ፡ ወረሐነ አድጎ ወሖረ ወአባ ኤዎስጣቴዎስኒ ሀሎ ምስሌሁ ወንኡስ ውእቱ፡ በልደቱ፡ ባሕቱ፡ ዓቢይ በጸጋ እግዚአብሔር ወተንሥኡ ይሑሩ ውስተ ቤተ ክርስቲያና ለእግዝእትነ ማርያም ዘትስመይ አሥመራ ከመ ይትመጠዉ ምሥጢራተ ቅድሳት ... ወአባ ኤዎስጣቴዎስሰ ወአባ እንድርያስ በተአምኖ ይረውፁ ወትረ በሠረገላ መንፈስ እምገዳመ ሐበላ ወይትሜጠዉ ቍርባነ በመቅደሰ ማርያም ድንግል ወይትመየጡ በፍጡን ውስተ ማኅደሮሙ ወከመዝ ነበሩ ብዙኃ መዋዕለ በፈሪሀ እግዚአብሔር..."

"እንድርያስ (1226-1346 ግእዝ) ኣረጊስ ሓደ ኣድጊ ነበሮ'ሞ ንኣድጉ ብጉዝጓዝ ተወጢሑ፡ ኤዎስጣቴዎስ (1265-1344 ግእዝ) ግን ብጸጋ እግዚኣብሔር ደኣ ዓቢይ ኢዩ'ምበር ብትውልዱስ ንኡስ ነበረ። ምስጢረ ቕዳሴ ኽፍጽሙ ኣስመራ ናብ እትበሃል ቤተ ክርስቲያን እግዝእትነ ማርያም ብሓባር ይገሹ... ኣባ ኤዎስጣቴዎስን ኣባ እንድርያስን ኵሉሳዕ ብእምነት ብሰረገላ (መንኰርኰር) መንፈስ ይጐዩ። ካብ መሮር (በረኻ) ሓበላ እና መጺኦም ኣብ መቕደስ ማርያም ድንግል፡ ቍርባን ተቐቢሎም (ቀዲሶም) ብቕልጡፍ ናብ በታኦም ይምለሱ ንእግዚኣብሔር





ብምፍራሕ'ውን ከምኡ ኢሎም ብዙሕ ጊዜ ነበሩ።[42]

ሽሕ'ኳ ጥንታዊት መንበሪት ሕዝቢ ምዃና ዘረጋግጽ ኣብ ክርሳን ዝባናን ዘሎ ኣሰረ ጥንቲ፡ ናብ ርሑቕ ዘመን ዘምርሕ ኣፈ ፍኖት እንተ ሃለወ፡ ዛጊት ዝተገንጸሉ መጻሕፍተ ታሪኽ ከተማ ኣስመራን ክርስትናኣን ግን ናይ መበል 13-14 ዘመን ኢዮም ዝንበቡ፡ ካብዚ ብምብጋስ ቀደም ኣብ ኤርትራ ይርአ ከም ዝነበረ ኪነ ህንጻታት ኣብያተ ክርስቲያን ብኣመና ጥንታዊ ዝኾነ ንድፈ ቕርጺ፡ ብኣእማንን ዓንደ ገመልን ዝተሃንጸ፡ እቲ ብተለምዶ ዓምደ ወርቂ ዝጽዋዕ ዕጸ ቀስቲ (ፍርቂ ኽቢ፡ ከም ቀስቲ ደመና) ነቲ ዝዓበየ ሓወልቲ ኣኸሱም ዝመሳሰል ውጥም ብዝበለ ቅርጽታት (ርእሲ ህበይ ዝብሃል) ዘጌጸ ኵለንትና ኣቃውማኣ ምስቲ ኣብ ከባቢኣ ዝነበረ እኩብ ፍርስራስ ዑናታት ተራእዩ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ኣስመራ ብርግጽ ናብ ውሉድ ወለዶ እናተሰጋገረት ነዊሕ መዋዕል ዝመጸት ኢያ ክብሃል ይክኣል።

ኣብ ማእከላዊ ዘመነ ታሪኽ፡ ኣስመራ ከመይ ትመስል ከም ዝነበረት ኣብ ናይ ኢጣልያዊ ገያሻይ መዝገበ ጕዕዞ ላቲናውያን (1382-1411 ፈ.) ከም ዝተጠቕሰ፡ ዓባይ ዓዲ፡ መለዋወጢት ዋጋ ዕዳጋ፡ ካብ ኢትዮጵያ ብኸበሳታት ኤርትራ ሓሊፎም ብመገዲ ስዋኪን (ሱዳን) ኣቢሎም ናብ ኢየሩሳሌም ንዝኸዱ ነጋድያን ክርስቲያን መዓርፎ፡ ብተመሳሳሊ ካብ ምጽዋዕ ብመገዲ ደብረ ቢዘን ኣቢሉ ናብ ድባርዋ ናይ ዝሓልፍ መገዲ ነጋድ፡ መዓርፎን መቀባበሊትን ምስ ምዕባለ ገዳም ደብረ ቢዘን ኣብ መፋርቕ መበል 15 ዘመን ብተኸታታሊ ትምዕብል ዝነበረት ምዃና ትግለጽ።

ድሕሪ'ዚ ሓደ ምእቲ ዓመት ጸኒሑ፡ ብሓደ ኣብ ሃገረ ኢጣልያ ዝቐመጥ ሓበሻ ፈላስን ከምኡ'ውን ብሓደ ኢጣልያዊ መነኰስን ከም ዝተዘንተወላ፡ (ብ1519 ፈ.) ኣስመራ ብስፍሓታን ብኣገ

---

[42] ገድለ ኣቡነ እንድርያስ ብራና መጽሓፍ ገዳም ደብረ ጽጌ ሰፍኣ።

ዳስነታን ምስታ ርእሰ ኸተማ፡ ምድረ ባሕር (ኤርትራ) ዝኾነት ዓባይ ከተማ ድባርዋ እትመዝዘን ኣብቲ እዋን'ቲ 600-700 ዝግመተ፡ ስድራ ቤታት ዝቕመጡዋ በቲ ናይ ማእከላዊ ዘመን ኵነታት ሃገርና ኸርእ ኸሎ ዓባይ ዓድን ማእከል ዕዳጋን ክትክውን ዘብቅዓ እኹል ምልኣተ ሕዝቢ ከም ዝነበራ ይግምገም።

ኣስመራ በብእዋኑ ተጻብኦታት የጋጥማ ከም ዝነበረ ካብ ዝጥቀሱ ጭብጥታት ሓደ ጽሑፍ፡ "... በሻወጅተ፡ ዓመተ ምሕረት ኳኰቴይና ዘመተ፡ ሰብአ ኣሥመራ ..." ዝብል ብ45 ዓ.ም (ብመሰረት ሽዑ ዝነበረ ኣቀማምራ ብ1385 ዓ.ም. ግእዝ) ዝተገብረ ወራር ይገልጽ።[43]

ኣብ መበል 16 ዘመን፡ ኣስመራ እውን ከም ካልኦት ከባቢታት ላኼማ ግራኝ ተንኪፋዋስ፡ ቤተ ክርስቲያን ተጎዲኣ ነበረት።[44] ይኹን'ምበር ብድሕር'ዚ እውን ኣብ መበል 17 ዘመን ዝመጸ ሚስዮናዊ (ኢየሱሳዊ Jesuit) "ኣብ ክልል ግዝኣተ ባሕረ ነጋሲ ካብ ድባርዋ ንሰሜናዊ ምብራቕ መገዲ መዓልቲ እትርከብ ኣስመራ፡ ኣብ ማእከላ ሓንቲ ብስም ቅድስት ማርያም እትጽዋዕ ቤተ ክርስቲያን ኣርባዕተ መኣዝን ዝቖርጸ ምእመናን ዝቐሙሎም ሰለስተ ኽፍልታት ምስ ዓሰርተው ክልተ ኣዕኑድ ብኖራ (በለቕ) ዝተለመጸ ኣለዉዋ፡ ኣብ ማዕዶኣ ብስም ቅዱስ ጊዮርጊስ ሰማዕት እትጽዋዕ ካልእ ቤተ ክርስቲያን ኣላ ኣብዛ ኣብ በሪኽ ቦታ ዝተደኰነት ቤተ ክርስቲያን ኮይንካ ምድረ ሰማይ ጽሩይ እንተ ኾይኑ፡ ቀይሕ ባሕሪ ይርአ። እዛ ቤተ ክርስቲያን'ዚኣ ናይ ጳጳሳት መንበሪት ነበረት። ካብ ከውሒ ዝተወቕረን ውሽጡ ብዕሊ ዝተቐርጸን በዓቲ ኣብ ጥቓኣ ኣሎ፡ መእተዊኡ ካብ ምድሪ ማዕረ ቑመት ሰብ ልዕል ዝበለ መስኰት ኢዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ በዓቲ ናይ ዝተቐብሩ ሰባት ኣጭርቕቲ ይርአ" ኢሉ ይገልጽ።

ኣሰራርሓ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም፡ ገያሾ ብዝር

43 ሓሳብ ቢዘን፡ መጽሓፊ ሕርግራግ ብራና ጉዳም ደብረ ቢዘን።
44 HET. p. 73-74.





ድኦም ኣገላልጻ ከም ጥንታዊ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ደብረ ዳሞ ኣብ መሳኾታን ኣፍ ደገታታን፡ ንሓወልቲ ኣኽሱም የመሳስል ይብሉ።[45]

እዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ ኣብ ጊዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ከም ብሓድሽ ቅድሚ ምስራሓ፡ ብዙሓት ኤውሮጳውያን ርእዮም ኣድኒቖማ ኢዮም። ሽዑ ከም ብሓድሽ ክትስራሕ ከላ'ውን ዝኾነ ናይ ምእራግ ወይ ናይ ምፍሳስ ዝናም ምልክት ኣይነበራን። ሓድሽ ንምስራሕ ተባሂሉ ጥራሕ እያ ናይ ቀደም ብሓዳስ ተተክአት።[46]

ብጠቕላላ ኣሰራርሓ ጥበበ ህንጻን ኣቀራርጻ ዕጸ ቀስትን ኣግ ኣዚት ቤተ ክርስቲያን ምስ ኪነ ጥበብ ጥንታውያን ኣብያተ ክርስቲያን ግብጺ ሶርያ ይመሳሰል ደኣ'ምበር ብፍሉይ ኣወጻጽኣ ቅርጻዊ መልክዕ ዕንጸይቲ (ኣእዋም) ግን ዝድነቕ ሃገራዊ ጥበብ ኣለዎ።

ብቐጽሪ ብዙሕ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሓሓሊፉ ዝርከብ'ሞ ዓቢይ ግምት ዝወሃቦ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ስእላዊ ቕርጺ እንስሳ ምር ካቡ ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ናይ ቀደም ቤተ ክርስቲያን ቢሓት፡ ኣብ ኣዕኑድ፡ ዕንጸይትን (ዓምደ ወርቅ) ኣብ ናይ ቅድም ቤተ ክርስቲያን ጉናጉና ኣብ መዘውር (መጠዋውዮ) ማዕጾን ዘገርም ስእላዊ ቕርጺ እንስሳ ተቐሪጹ ጸንሐ። እዚ ኸምዚ ዝበለ ኪነ ጥበብ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፡ ምስታ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ማእከላይ ዘመን ብዙሕ ዝዓይነቱ ጥበበ ቅርጽታት ዕንጸይቲ ትውንን ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ተሓባቢሩ ይርከብ።

ብዝኾነ ኵሉ ዓይነት ጥበባትን መልክዓትን ቅርጽታትን ቤተ ክርስቲያን ዋላ ጽልዋታት ግብጸ ሶርያ ይኹን ቢዛንታይን ... ይሃልዎ ዋላ'ውን ምስ ካልኦት ናይ ወጻኢ ኣብያተ ክርስቲያን

45 Eritrea Profile vol. 1. No. 5 April 16, 1994 p. 3. and vol. 1. No. 6 April 23, 1994 p. 1.
46 HET. p. 73-74.

ይመስሳል፡ ደቂ ሃገር ከምኡን ካብኡ ዝተፈልየን ንኽምህዙ መበገሲ ካብ ምኽን ሓሊፉ፡ መቕድሒ (ሞዴል) ኮይኑ ከነብር ኣይኽእልን። ብብዙሕ መዳዩን ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡን ሃገራዊ ኪነ ጥበብ ቤተ ክርስቲያን ምኻኑ ኢዩ ዘረጋግጽ።[47]

ኣብ ቤተ ክርስቲያን በብዓይነተ፡ ኪነ ጥበብ እናተለምደ ምስ መጸ ኣብያተ ክርስቲያን ገሊኣን መኣዝናውያን ገሊኣን ድማ ክበባውያን ኮይነን ይህነጻ። ቅኔ ማሕሌት፡ ቅድስት፡ መቕደስ (ቅድስተ ቅድሳን) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰሰራሑ ዘለዎ ኣብ ሰለስተ ኽፍልታት ይኽፈላ። ታቦተ ጽላትን ቅዱሳት መጻሕፍትን ኣብ መቕደስ ይኾኑ።

ኣብ ማእከላይ መዋዕለ ክርስትና ብግዳም ክበብ፡ ብውሽጢ ንጹል መኣዝን ብፍላይ ካብ መበል 16 ዘመን ንነጀው ብደገን ብውሽጥን ክቢ ኣጉዶ ዝዓይነተ፡ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን እናበርከተ መጸ።[48]

ኣብ ከባቢ ናቕፋ ዝነበረ ቤተ ክርስቲያን ዲግዲግ ከምኡ እውን ጥንታዊ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ድባርዋ ወዘተ. መርኣያ ናይዚ ዓይነት ክበበ ህንጻ ምንባረን ይንገር።[49]

ብዝተፈልየ ድባርዋ ኣብ ኵሉ ቦታታት ዝውቱር ዘይኮነ ተርእዩ፡ ኣብታ ኸተማ ኣብ ሓደ መረባ ጐድኒ ንጐድኒ ተመዓራርየን ዝተሃንጻ ክልተ ኣብያተ ክርስቲያን ነበራ። እታ ሓንቲ ብስም ቅዱስ ሚካኤል እትስመ ንሰብኡት (ደቂ ተባዕትዮ) ጥራሕ ዝተፈቕደት፡ እታ ኻልኣይቲ ግን ብስም ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስ ወጳውሎስ እትጽዋዕ ኮይና ኣንስቲ (ደቀንስትዮ) ክኣትዋኣ ዝተፈቕደት ኢያ። ክልቲኣን ኣብ ሓደ ኣዝዩ ልዕል ዝበለ መካበብያ መንደቕ ዘለዎ መረባ ብምልኩዕን በረኽን ህንጻ ዝተሃንጻ ብብዙሓት ውሉደ ክህነት ዝግልገላ ምኻነን ብ1520 ፈ.

47 E.J.D. p. ገጽ 82-83

48 A.N.E. p. 23.

49 ኣፈ. ቅ. 34-35።





ንኸተማ ድባርዋ እናተዘዋወረ ዘስተባሃለላ ፍራንቸስኮ ኣልቫሬዝ ፖርቱጌዛዊ ኣብ ጽሑፉ ይገልጽ።

እታ ሰብኡት ጥራሕ ክኣትውዋ ዝተፈቕደት እንዳ ቕዱስ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን ሽዑ ዝነበረ ባሕረ ነጋሲ (ንጉስ ምድረ ባሕር) ሃኒጹ ፍሉይ መሰልን ክብርን ሂቡዋ ነበረ። ንሱ ኸኣ ብዘይካ ሰበይቲ ባሕረ ነጋሲ ንሳ'ውን ምስ ሓንቲ ጕርዞ ጓል (ድንግል) ገረዳ፡ ቅዱስ ቍርባን ኣብ እትቕበለሉ ዕለት ጥራሕ እሞ ኸኣ ካብቲ መስዋዕተ ቕዳሴ ዝዓርገሉ (መቕደስ) ርሒቒ ኢላ ኣብ ወሰን ናይቲ ካልኣይ ዙርያ (ቅኔ ማሕሌት) ምስ ዓለማውያን ተራ ሰባት ኮይና ክትቕበል የፍቅድ።

ምምሕዳር እዘን ኣብ ሓደ ዓጸድ (መረባ፡ ቸጽሪ) ዝተሰርሓ ክልተ ኣብያተ ክርስቲያን ብሓደ ኾይኑ፡ ቅዱስ ቍርባን ኣብ ሓደ ቤተ ልሔም ተዳልዩ፡ ሥጋሁ ወደሙ ብሓባር ኣብ ክልቲኣን ብሓደ ሰዓትን ብሓደ ዓይነትን ጸሎተ ቕዳሴ ይፍጸም። ኣገልገልቲ ውሉደ ክህነት ክልተ ኣፍ፡ ኣብ ናይ ሰብኡት ሳልሳይ (መሰለስ) ኣፍ፡ ኣብ ናይ ኣንስቲ የገልግሉ። ክልቲኣን ኣብያተ ክርስቲያን በብእብረ ብዘገልግሉ 20 ውሉደ ክህነት መዓልታዊ ይግልገላ፡ 22 መነኮሳት ድማ ነቲ ሳዕ ኣይፍለይወንን።

እዞም ጽቡቕ ዕድል ዝነበሮም ቤተ ክህነት፡ እዘን ክልተ ኣብያተ ክርስቲያን ሰፊሕ ጕልተ መሬት፡ ርስተ መስቀል ስለ ዝነበረን ኣታዊኡ ብሓባር እናተማቐሉ ረብሓ ይረኽቡ፡ ባሕረ ነጋሲ ኸኣ ነዘን ቤተ ክርስቲያናት ዘድሊ ዝኾነ ከም ሽልማት (ንዋየ ቅድሳት) ሰምዒ፡ ዘይተ ቕብኢ፡ ዕጣን፡ መባእ ዝመሰለ ብዘይ ዓቐን እናሃበ ብብዝሒ የከፋፍል ነበረ።

ድባርዋ፡ መንበረ ጳጳስ ከም ዝነበረት ዘዘንቱ "ጳጳስ ኢሎም ዝጽውዕዎም ኣቡን ማርቆስ ዝብሃሉ ብኣፍ ደገ ቤተ ክርስቲያን እናባረኹ መጺኦም መርዓውን መርዓትን ኮፍ ኣብ ዝበሉሉ ዓራት መስቀልን ጽንሓሕ ዕጣንን ሒዞም ብምዝዋር ኢዶም ኣብ ርእሲ መርዓውቲ ኣንበሩሎም። ደጊም ሓደ ኣካል ኢኹምዋ ብስ

ምረትን ብሓደ ሓሳብን ንበሩ ኢሎም'ውን ተላበውዎም። ቅዳሴ ክፍጸም ክሎ ከኣ ኣቑረብዎም። እዚ ኣብ ሽከቲ'ውን ተደግመ።" ኢሉ ኣልቫረጽ ይገልጽ። ብተወሳኺ "እቶም ኣቕሽሽቲ ዝፈል ጥዎ ምሂሮም፡ ንደቆም ናብ ቅሽና የብቅዕዎም፡ ኣቡን ማርቆስ ከኣ ይቐብእዎም። ከመይሲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብዘይካኦም ዝቐብእ ኣይነበረን።" ይብል።

ድባርዋን ከባቢኣን ገዳማት፡ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ማእለያ ዘይብሎም መነኰሳትን መነኰሳይያትን (ኢታያት) ክንዲ ጸጕሪ ርእሲ ኣቕሽሽቲ ኣብተን ከም ካቴድራላት ዝሕሰባ ኣድባራት ሓያሎይ ደባትር ምርኣዩ'ውን ይጠቅስ።[49.1]

ብኻልእ መዳይ ኣብ ማእከላዊ ዘመን ታሪኽ ድባርዋ ከመይ ከም ዝነበረት ካብ ዝጥቀስ፡ ተሓባቢሮም ኣብያተ ክርስቲያን ዝመርሑ ብዙሓት መነኰሳትን ካህናትን ዝነበሩዋ እብነ ማእዘንት (እምነ ኹርናዕ) ህንጻ ሃይማኖት፡ ኣብ መስመረ ንግዲ ቀይሕ ባሕርን ቀራና መገድን ኮይና ብዙሓት ነጋድ ዝንቀሳቐሱላ መደበር ንግዲ፡ ብቐንዱ ኸኣ ደድሕር'ተን ካብ ሻሙናይ ዘመን ኣትሒዘን ዝነበራ ናጻ ንግስነታት ኤርትራ ዝስራዕ ምናዳኳ ካብ መበል 14 ዘመን ንደሓር ንኤርትራ "ምድረ ባሕር" ብዝብል መጸውዒ ስም ኣብ ወሰን ምላድ ፈለግ መረብ፡ ከተማ ድባርዋ ተቐሚጠም ካብ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ደቡባዊ ዙርያ መረብ (ወሰን ትግራይ) ሓደ ሓደ እዋን ድማ ስግር መረብ ዝበጽሕ ክልል ሒዞም ዘመሓድሩ ባሕረ ነጋሲታት (ነገስተ ባሕር) መንበረ መንግስቶም ማእከለ ምምሕዳሮም ኢያ ነይራ። ነዚ ብዓይኖም ርእዮም ብጽሒፎም ዝመስከሩ ናይ 16 ዘመን ገያሾ ፖርቱጌዛውያን ብብወገኖም ክህልዉ ኸለዉ፡ ኣውራ ግን ኣልቫሬዝ (1520 ፈ.) ድባርዋ ምቕማጥ እቲ ኣብ ትሕቲኡ ብዙሓት ሹመይናታት ዝርከቡዎ ጕይታ ጕይቶት (መስፍነ መሳፍንት፡ ንጉሰ ነገስት)

49.1 ፍራንቸስኮ ኣልቫሬዝ 1520 ዓ.ም.ፈ.. ምዕራፍ 18-29።





ኮይና ባሕረ ነጋሲ (ንጉሰ ባሕረ ኤርትራ) ወርቂ ኣኽሊል ዝደፍእ፡ ድባብን ሰንደቕን ነጋሪትን ዝዕጅቦ፡ እዚ ኸኣ ብባህላዊ ስርዓት ንንጉስ ጥራሕ ዝተሰርዐ ከም ዝኾነን ኣብ ሓደ ቤት ንጉስ ዝብሃል በሪኽ ቦታ ዝነብር ኣብ ከባቢኡ 300 ስድራ ቤታት ዘይፍለዩዎን ከም ዝነበረ ይሕብር። ካልእ ጀርመናዊ በጻሓይ ድማ ኣብ ዙርያ ባሕረ ነጋሲ 2000 ሕዝቢ ይነብሩ ይብል። ነፍስ ወከፍ ስድራ ብ6.5 እንተ ረቢሑ ተመሳሳሊ ቍጽሪ ስለ ዝመጽእ ሓደ ዓይነት መረዳእታ ኮይኑ ይርከብ።

ብ1770 ፈ. ዝመጸ ገያሻይ፡ ጀምስ ብሩስ (James Bruc) ብወገኑ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ናጻ ንግስነታት ብጋይ (ቤጃ) ወባሕረ ነጋሲ ብምንጻር፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ዝተፈላለያ ሃገራተ መንግስታት ኮይነን ሓሊፉ ኣብ ዝግበር ጕነጽን ዘመተን ኤርትራ ንዘይምምብርካኽ ክሳብ ውግእ ትበጽሕ ምንባራ የዘንቱ። ዝኾነ ኾይኑ ድባርዋ፡ ወራራት ግራኝ፡ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ ምስ ምጽዋዕ ወደባ ተናኺፎማ ኢዮም። ብእኡ ዝኣተዋ ሰለሎ ኸኣ ስልጣኔኣ እናንቈልቈለ ኸደ።[50]

ብሓፈሻ ኣብ ክንዲ ጥሪትን ዕቍሪትን ገንዘብ ብዝያዳ ንቤተ ክርስቲያን ዝውፈ ነገር ካብ ምህናጽን ምሕዳስን ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ክሳብ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ምሽላምን ምውቃብን ዝግበር መዓላ ገንዘብን ጕልበትን ስለ ዝበዝሕ፡ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ምሉእ ሃብቲ ኪነ ጥበብን ስነ ጥበብን ኣለዋ።

ካብ ቀደም ክሳዕ ሎሚ ብውሉደ ክህነትን ብምእመናንን ብበበይኑ ዓይነት ቅርጻታት ካብ ወርቂ፡ ብሩር፡ ነሓሲ፡ ኣስራዝን ሓጺንን ካብ ዕንጨይትን እብነ በረድን ዝተቐርጹ ንዋያተ ቅድሳት ዝተሰርሑ ኪነ ጥበባት ዘመናት ሰጊሮም ነናይ ዘመኖም ደረጃ ስልጣነ እናመልከቱ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያን ይነብሩ።

ከም ካልኦት ባህላውያንን መንፈሳውያንን ኪነ ጥበባት ቅር

[50] H.E.T. P. 65-66 * Abyss. P. 51. * H.C.Ch.E. P. 67.

ስታት፡ ቅብኣ፡ ስእሊ ቅዱሳን'ውን ብብዘመኑ እናተመሓየሸ ዝመጸ ርእሱ ዝኸኣለ ጥንታዊ ስነ ጥበብ ቤተ ክርስቲያን ኢዩ። ፈለማ ቅብኣ ስእሊ ዘማዕበሉ ውሉደ ክህነት ኮይኖም ኣብ ብራናታት መጻሕፍተ ቤተ ክርስቲያን ኣብ መቕድመ ጽሑፉ ኣብ ማእከ ልን መወዳእታን ጽሕፈት ብራናታት ምስቲ ጽሑፍ ዝዛመድ በበይኑ ስእላዊ መግለጽታትን መመልከዒ ሓረጋትን ይስኣል። ንኣብነት ኣብ ሓደ ናይ 14 ዘመን፡ ገድለ ሰማዕታት ብራና መጽ ሓፍ፡ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ኣሃም ናይ 33 ዝኾኑ ቀዳማውያን ሰማዕታተ ክርስትና ምስሊ ስእሊ ምስ ምሉእ መግለጺታት ይር ከብ። ኣብ ካልእ'ውን ከምኡ።[51]

ኣብ ዙርያ ቤተ መቕደስ፡ ወይ ከከም ዓቕሚ ሰኣልትን ኣስኣ ልትን ኣብ ዙርያ ቅድስትን ናሕሲ ቤተ ክርስቲያንን (ብውሽጢ፡ በሎፎን) ዝተፈላለዩ ናይ ኣምላኽ፡ ናይ ቅድስት ማርያም፡ ናይ መላእኽቲ፡ ሰማዕታትን ጻድቃንን ምስ ታሪኻውን ተኣምራታውን ተግባሮም ተተሓሒዙ በብነገዶም (በብጋንታኦም) ነገደ ሓዋርያት ነገደ ሰማዕታት ወዘተ...ብበመኣነሱ ተለልዮም ከም ዝስኣል ይግበር።[52]

መብዛሕትኡ ስእላዊ ጥበብ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ምስ ኪነ ጥበብ ቢዛንታይን ተዘምዶ ይሃልዎ እምበር ብብዙሕ መዳዩ ሃገራዊ ስነ ጥበብ ኮይኑ ኢዩ ዝርከብ።[53]

ኣብ ምድረ ሓበሻ፡ ቀዳማይ ዝተረኽበ ስእሊ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ባረክናሃ ዝጸንሐ ስእሊ ስቕለተ ክርስቶስ ምኳኑ ይንገር። እቲ ስእሊ ብስነ ጥበባዊ መልክዑ'ኳ ውሑሉል እንተ ዘይተባህለ፡ ከም ታሪኽ ጥንታውን ቀዳማውን ምኳኑ ግን የሐብን።

ህላዌ ቅብኣ ስእሊ ቤተ ክርስቲያን እኳ ደኣ ብዘመናዊ ጥበ

[51] ገድለ ሰማዕታት ብራና መጽሓፈ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ኣሃም።

[52] C.E. vol. 3 p. 998.

[53] የኢትዮጵያ ጥንታዊ ስእሎች፡ ከነበደ ሚካኤል ገጽ 4።





ቡን መሳርሒኡን ሎሚ'ውን ይቕጽል ኣሎ።

## ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን

### ኣሰራርዓ

ከም ስርዓተ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ሸመንተ (8) መዓርጋተ ቤተ ክርስቲያን ከም ዘሎ ብጽሑፍ ዝተነጸረን ዝተኣምነን ኮይኑ፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ብግብሪ ዝሰርሓ ሎም፦

1. ዝለዓለ ጳጳስ ወይ ሊቀ ጳጳስ፡ (መትሮጶሊስ፡ Metropolit)
2. ኤጲስቆጶስ
3. ቀሲስ (ቀስ፡ ቀሺ)
4. ሊቀ ዲያቆናት (ርእሰ ዲያቆናት፡ (Arch Deacons)[54]
5. ዲያቆን፡ ኣብ ዝበሉ 8 መዓርጋተ ተቀብኦ ይጠቓለል። መዓርገ ኤጲስቆጶስናን ትርጓሜ ስሙን ብመሰረቱ ካብ ጳጳስ ዝፈ ልዮ ነገር የብሉን። ኣብ ኣሓት ኦርቶዶክሳውያን ኣብያተ ክርስ ቲያን ካልኦት ሃገራት'ውን ክሳዕ ሎሚ ከምኡ ኢዩ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ ግን ብተለምዶ ደድሕሪ ጵጵስና ብኽልኣይ መዓርግ ኢዩ ዝስራዕ።[55]

ካብ ቀደም ክሳዕ መበል 14 ዘመን ኣብ መንጎ ጉዳይ ቤተ ክህነትን ዓለማዊ ላዕለዋይ ስርዓተ ምምሕዳርን እንኮላይ ምስ መንበረ ጵጵስናን ቤተ መንግስትን ዘራኽቡ ዘማኽሩን ምስ መን ፈሳዊ ነገራት ዝተተሓሓዙ ጉዳይ ዝከታተሉ ቤተ ክርስቲያን ዝምልከት ዝሸምግሉ ኣብ ዳንነት'ውን ዝኣትዉ፡ ካህናተ ደብተራ ሊቃናተ ደብተራ ነበሩ።

[54] Ch.S.E. p. 108.

[55] C.E. vol. 3 p. 930.

ኣብ ኵሉ ንቡርን ዝውቱርን ገዳማዊ ሓላፍነት ብኣበ ምኔት (Head of the Monastry) ኣባት (Abbot፡ Father) ወይ መምህር (Master) ይካየድ። ሓሓሊፉ ግን ብፍሉይ ኣብ ሓደ ሓደ ዓበይቲ ገዳማት፡ ኣውራ'ኳ ኣብ መበል 13 ዘመን ንቡረ እድ (chief) ኣብ መበል 14 ኣማእት ድማ ዓቃቢ ሰዓት (Administrative) ዝጽውዑ ዓበይቲ ስልጣናት ቤተ ክህነት ገኒኖም ምስ ኣቡንን (ጳጳስ) ምስ ላዕለዎት ስልጣናተ መንግስትን ኣብ ዓበይቲ ውሳኔታት ይሳተፉ ነይሮም ኢዮም።

ንቡረ እድ፡ ኣብ መጋባእያ ልዑላን ሰብኣ መንግስት ብየማናይ ወገን ኣብ መንበረ ወርቂ ተቐሚጡ፡ ኣብ ላዕለዋይ ዳንነት ክሳተፍ ፍሉይ መሰል ዘለዎ ኣብ ዝተወሰነ ዘመንን ከባብን ንሱ ዘመሓድሮ ዞባ ዝምደበሉ ብጳጳስ ተወኪሉ ብኽፊልን ተመሳሳልን ስራሕ ጵጵስና'ውን ዝፍጽም ልዑል መራሒ ቤተ ክህነት ኮይኑ ይርከብ።[56]

ዓቃቤ ሰዓት፡ ማዕረ ንቡረ እድ ዝኾነ ልዑል ሽመት ዘለዎ ኣበ ምኔት ክፍጽሞ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ካብ ሃብተ መንግስቲ እጃም (ግደ) ክረክብ ዝኽእሎ መዓርግ ዝለበሰ በዓል ስልጣን ቤተ ክህነት ኢዩ።[57]

ኣብ ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ኣሃም (ደብረ ወርቅ) ካብ ፈለማ መበል 13 ዘመን ኣትሒዙ፡ ንቡረ እድ፡ ዓቃቤ ሰዓት፡ ሊቀ ዲያቆናት ወዘተ. ኾይኖም ብዝተሸሙ መራሕቲ ይመሓደር ነበረ። ንኣብነት ካብ 1209-1329 ፈ. ኣብ ዝነበረ ዘመን ጥራሕ'ኳ ሾብዓተ (7) ዝኾኑ ንቡራነ እድን ዓቃብያነ ሰዓትን በብእብረ መሪሕነቶም ከም ዘካየዱ ወንጌለ ወርቅ እቲ ገዳም ይነግር።[58]

---

56 A.M.E.H. p. 267-268. * ኣማ.ቤ.መ.ቃ. "ያ" ገጽ 19-20።

57 ተ.ጸ.መ. ገጽ 73-74። * ኣማ ቤ.ክ.መ.ቃ "ዓ" 56፥64።

58 ወንጌለ ወርቅ ብራና ገዳም ኣ. ሊባኖስ ኣሃም።





ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን፡ ገዳማዊ ቤተ ክህነትን (Monastic Clergy) ዓለማዊ ቤተ ክህነትን (Secular Clergy) የጠቓልል።

ሀ. ገዳማዊ ቤተ ክህነት፡ ብዘይካ ንምግበ ዕለትን ንኽዳን ዓመትን፡ ዝሰርሑዎ ቑሩብ ቀሪቦ ዝተረፈ ምሉእ ጊዜኦም ኣብ ምምሃር ምስትምሃርን መንፈሳዊ ተግባርን ዘሕልፍዎ፡ ሕዝቢ ካብ ዝነብረሉ ከባቢ ተፈልዮም ኣብ ገዳም (በረኻ) ወይ ደብሪ (ጎቦ) ተቐሚጦም መንፈሳዊ ኣገልግሎት ዝፍጽሙ ማሕበረ ደናግል መነኮሳት ሰብኡት ፈለስትን ኣንስቲ ኢታዪትን በብወገኖም ዝነባበሩሉ መካነ ጸሎትን መካነ ትምህርትን ትሕርምትን ኮይኑ ብኣበ ምኔት ደብረ ደናግል ደቀ'ንስትዮ ኸኣ ብእመ ምኔት ይም ርሑ።

ለ. ዓለማዊ ቤተ ክህነት፡ ክፋል ጊዜኦም ኣብ ናብራ ዓለም፡ ዝተረፈ ኣብ ጸሎተ ቕዳሴን ውዳሴን ዘውዕልዎ ኣብ ማእከል ሕዝበ ክርስቲያን ዝነብሩ፡ ሕዝባዊ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ዝፍጽሙ ምርዕዋት ሰብ ናብራ ውሉደ ክህነት ኢዮም።[59]

ምስትንባር ሕዝባውያን ኣብያተ ክርስቲያን ወይ ዓለማዊ ቤተ ክህነት ብወገኑ ኣብ ክልተ ይምደብ፦

1. <u>ኣድባራት፡</u> ብብዙሓን ውሉደ ክህነት ዝተኸበባ ደባትር፡ መምህራን፡ ቤተ መጻሕፍቲ ዝርከቡወን፡ ሓለፋ ርስተ መሬት ፍሉይ መሰል ሪም ... ዝተመደበለን ንብዙሓት ምእመናን ዝመርሓ ምስ ገዳማት ዝመዛዘና ብዙሓት ሕዝበ ክርስቲያን ዝነብሩለን ከተማታትን ዓበይቲ ዓድታትን ኣባላት ውሉደ ክህነተን ብሊቀ ካህናት ብርእሰ ደብሪ ... ይምርሓ።

2. <u>ቍሸታት፡</u> ውሑዳት ሕዝበ ክርስቲያን ዝቕመጡወን ሓደ

---

59 C.H.A. p. 158-159.

መስርዕ ቀዳስያን (5-7) ውሉደ ክህነት ዝሓቑፋ ንሒደ ተይ ምእመናን ዝኣልዩ ካብ ኣድባራት ርሒቕ ኢለን ዝተተኽላ ቍሸታት ወይ ናእሽቱ ዓድታት (ንኡሳን ኣድባራት፡ መካናት) ክህናተን ብቐሽ ገበዝ ጥራሕ ይካየዳ።[60]

ኣብ ኩሉ መዳያት ምደባ ኣገልግሎት ገዳም ደብሪ ቍሸት ክከም ብዝሒ ኣገልገልትን ተገልገልትን (ቤተ ክህነትን ምእመናንን) ብበበይኑ ዓይነት ናይ ኣገልግሎት ክፍልታትን ጽፍሕታት ሓላፍነትን ዝምደቡ መሳርዓትን መዓርጋትን ይርከቡወን። እዚ ካብ ጥንቲ ዝነበረን ዝተመዓራረየን መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ኣለዎ። (ግብ ሓዋ. 13:1። ሮሜ 12:6-8።) 1 ቆሮ 12:27-31። ኤፌ 4:11-13)

ደቀ'ንስትዮ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ክም ዝሳተፉ፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተገሊጹ ኣሎ። (ግብ ሓዋ. 21:8-9።) ሮሜ 16:1-2። 1 ቆሮ 7:35። 1 ጢሞ 4:11። 5:9-10። ) ፊልጵ. 1:2-3።) ንሳተን ብግብሪ ዘወፍያኦ ኣገልግሎት እንታይን ከመይን ምዃኑ ካብ ዝተመዝገበ ታሪኽ ክም ኣብነት ኣብ ሳልሳይ ዘመን፡ ኣብ ሶርያዊት ቤተ ክርስቲያን ዝሸየማ ዝነበራ ዲያቆናውያት (Deaconesses) ደናግል ወይ ክኣ ዓበይቲ ማኣምን ኣብ ምጥማቕ፡ ምቕባእ ቅብኣ ሜሮን ወዘይተ ቀንዲል፡ ንደቀ'ንስትዮ ምስ ካህን ተሓጋጊዘን፡ ንሱ ብቓል ንሳተን ብኣካል ስነ ስርዓት ምስጢራተ ጥምቀት፡ ሜሮን፡ ወዘይተ ቀንዲል ይፍጽማ።[61]

ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን'ውን እዚ ኣገባብ'ዚ ክም ዘለዎ ተጠቒማ ኣካለ መጠን ዝበጽሐ ደቀ'ንስትዮ ዝጥመቓሉ ኩነታት እንተ'ጋጠመ ካህን ምስ ባሪኽ፡ ኣብ ሕጽቡተ ማየ ጥምቀትን ሕትመተ ቅብኣ ሜሮን ዘይተ ቀንዲልን ዲያቆናውያት ደቀ'ንስትዮ

[60] C.E. vol. 3 p. 997.
[61] Jean comby How to Read Church History vol. 1 Translation 1985 p. 59.





ክተሓጋግዝ ዘፍቅድ መምርሒ ኣለዋ። ዝውቱር ስራሕ ግን ምዕ ቃብ ንዋያተ ቅዱሳትን ግብረ ማሕረጽን (ምድላው ማባእ) ኢዩ።[62]

ብሓፈሻ ኣቃውማ ምምሕዳራዊ መሳርዕ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ክርእ ኸሎ ካብ ቀደም ክሳዕ ሎሚ ባዕለ ምምሕዳር፡ ርእሰ ምምሕዳራዊ፡ ርእሰ ምንብባር ብብደብሩ ዝቖመ ግን ክኣ ብተመሳሳሊ ኣከያይዳ ዝካየድ ኮይኑ ይርከብ። ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ገዳም ደብሪ ወይ ቀሸታዊ ዓዲ ነቲ ዝመስረታ ሕብረተ ሰብ ኢያ እትብጽሖ። እቲ ዘቖማ ማሕበረ ሰብ ክኣ ይኣልያን ይከናኸናን። ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት፡ ኣብያተ ክርስቲያን ነንሕድሕደን ልፍንታዊ ምትሕግጋዝ ይገብራ። ምስጢራተ ቤተ ክርስቲያን ብዝምልከት ምስ ላዕለዎት መራሕቲ ሃይማኖት ይራኸባ።

<u>ገዳማት፡</u> ብኣምሳል ናይቲ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ 40 መዓልቲ ብሒቱ ዝተቐመጠሉን ብጽምዋን ብጾምን ዝነበረሉን ገዳም (በረኻ) (ማቴ 4:1-11። ማር 1:12-13። ሉቃ 4:1:13።)

<u>ኣድባራት፡</u> ናይቲ ኣብ በረኽ ጎቦ ኾይኑ ዘስተምሃረሉ (ደብረ ብጹዓን ማቴ 5:1-16። ሉቃ 6:20-23።) ምስጢረ መለኮቱ ዝገለጸሉ ደብረ ታቦር (ማቴ 17:1-10። ማር 9:2-13። ሉቃ 9:28-36።) ምስጢረ ምጽኣቱ ዝነገረሉ ደብረ ዘይት ምሳሌ፡ (ማቴ 24:1-14።) ማር 13:1-27። ሉቃ 21:37-38)

<u>ቍሸታት፡</u> ኣብ ኩሉ ከባቢታት እናተዘዋወረ ተኣምራት ናይ ዝገበረሉን ዝመሃረሉን ኣብነት (ማቴ 4:23-25። ማር 3:7-12። ሉቃ 6:17-19) ተባሂለንን ብኡ ተመሲለንን ይኸበራ።

## <u>ሃብተ ጸጋ (ባጀት) ቤተ ክርስቲያን</u>

ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ካብቲ ዘገልግልዎ ኣብ ጽቡቕ ድልየትን ፍቓድን ወሃብቲ ዝተመስረተ ዓስቢ ምርካብ ኣብ

[62] ሓተታ ትርጓሜ ሓምስቱ ኣዕማደ ምስጢር፡ ምስጢረ ጥምቀት ብራና መጽሓፍ።

ሓዲስ ኪዳንውን ንቡር ኢዩ። (ሮሜ 15፡27። 1 ቆሮ 9፡11-14። 2 ቆሮ 11፡8። 1 ጢሞ 5፡17-18)

ድሕሪ ዕንወት ኣብያተ ክርስቲያንን ሕልቂት ኣእላፍ ሰማዕታትን ኣብ ሰፊሕ ግዝኣተ ቈስጠንጢኖስ ሓጸይ ሮምያ ኣብ ፈለማ ራብዓይ ዘመን፡ ስምብራታ ዘሕወየት ቤተ ክርስቲያን ተሓሪሙዋን ተኣጊዱን ዝነበረን ሽዑ ዝረኸበቶን መሰል፡

እምነታን ስርዓታን ብናጻ ምኽያድ፡ ብውርሻ፡ ብለበዋ፡ (ብኑዛዜ) ዝመሓላለፍ ውርሻ ምውናን፡ ናጻ ኽፍሊት ግብሪ ንጉስ፡ ካብ ሃብተ መንግስቲ እጃም (ግደ) ምርካብ ወዘተ. ነበረ።[63]

ብተመሳሳሊ፡ ክርስትና ዝተቐበላ ጥንታውያን ሃገራት ምእመናንን ዘወፈዩዎ ንዋታዊ ነገር ንመንባበሪ ቤተ ክርስቲያን ከም ዝውዕል ይፍለጥ። ኣብ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ካብ ሻዱሻይ ክሳዕ ክፍላ መበል 19 ዘመን፡ ብዓቢኡ ክሳዕ መፋርቕ መበል 20 ዘመን (ኣዋጅ መሬት ደርግ ኢትዮጵያ) ኽኣ ብመጠኑ ቀንዲ ሃብተ ጸጋ ቤተ ክርስቲያንን ማሕድሮ ቤተ ክህነትን ምስ መሬት ሕርሻ ዝተተሓሓዘ ኾይኑ ብሰበ ስልጣን ዝምደብ ጕልተ መሬት፡ ኣውራ ግን ብሕዝበ ክርስቲያን ዝውሰን ፍሉይ ርስተ መሬት፡ በበይኑ ዓይነት መሰላትን ሓለፋታትን፡ ነሶሉ በብኣገባቡ ንቤተ ክርስቲያን መመሓደሪኣን መናባበሪኣን ይውፈ። "ወሰና (ዙርያኣ) ጓህሪ ማእከላ ባሕሪ"፡ "ጽንፋ (ጫፋ) እሳት ማእከላ ገነት (ዘካ 2፡5።) "እንበለ ፈላሲ ኢይባእ ነጋሪ" እናተባህለ ንገዳማት ዝውሃብ ገፌሕን ሰፊሕን ሕዙእ ክልለ መሬት፡ "ርስተ ጕልቲ" ይጽዋዕ።

__ርስቲ፡__ ማለት ሓደ ቦታ ፈለማ ዝተታሕዘሉ ዋንነት ዘመልክት ካብታ ፈለማ መሬት ዝሓዘት ስድራ ደሓር እንዳ (ማይ ቤት) ዝውለዱ ደቀ'ባት ዝወርስዎ መሬት ኮይኑ ዋናታቱ ርስ

63 ቤ.ታ፡ በዓ.መ. ገጽ 45።





ተይናታት ይብሃሉ። ገዳማት፡ ሰብ ዘይነበሮ ከባቢኦን ብርስቲ ርሕቕ ኢሉ ዝተዋህበን ትሕዝቶ መሬት ዓድታት ብጕልቲ ይጥቀማሉ። ኣድባራት ወይ ቍሸታት ከኣ እንዳታት ብርስትነት መሬት ክማቐሉ ኸለዉ ንቤተ ክርስቲያን ዝምድብዎ ብጽሒት ወይ'ውን ድሕሪ መቐሎ ካብ ርስተይናታት ኣዋጺኦም ዝኸልልዎ ቦታ ርስተ ቤተ ክርስቲያን ኢዩ። ቀዳሞት ደቀ'ባት ንዓድን ንቤተ ክርስቲያንን ናይ ምስትንባር ሓላፍነት ኣለዎም።

__ጕልቲ፡__ ማለት ብመልክዕ ደሞዝ፡ ገንዘብ ምኽፋል፡ ጥረ ገንዘብ ኣብ ዘይርከበሉ ዘመን፡ ብዓይነት ምህርትን ፍርያትን ብብዝሒ ምውጻእ ድማ ንምዕቋኑ ስለ ዘጸግም፡ ዓድታት ናብ ሰበ ስልጣንን ገዳማትን ተማሲሐን ገባራት ናብ ልዑላንን ኣብያተ ክርስቲያንን ተሸኒኖም ብመጠን ዝጥቀሙሉ ትሕዝቶ መሬት ተሰሊፁ ካብ ኣታዊታቶም ዝኸፍልዎ ክፍሊትን ዝህብዎ በብዓይነቱ ህያባትን ጕልቲ ይብሃል። ንኸምዚ ዓይነት መሬት ዝውንኑ ሰብኣ ጕልት (ሰብ ጕልቲ) በዓለ ጕልት፡ ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ድማ ጕልተይናታት ይብሃሉ።

ገዳማት፡ ባዕሎን ዝውንንኦ ሰፊሕ ክልለ መሬት ሃልዩወን ክፋሉ መንከሳተን ይሓርስዎ፡ ክፋሉ ኸኣ ኣብ ከባቢኦን ዝነብሩ ወይ ጕልተይናታት ተወፋሮ ሓሪሶም ከም ፍርያምነት እቲ መሬትን ከም ስምምዖምን ንገዳም ይኸፍሉ። ዓይነትን ቍጽርን ውህብቶ ጕልቲ ብዙሕ ስለ ዝኾነ ከምዚ ስዒቡ ዝርአ ኣብነት ጥራሕ ኣብ መጻሕፍተ ብራና ብቛንቋ ግእዝ ሕዋስ ትግርኛ ካብ ዝተጻሕፈ ሒደት፡-

__ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ኣሃም፡__ ክሳዕ ክፍላ መበል 14 ዘመን፡ ልዕሊ 66 ዓድታትን ቦታታትን ጕልቲ ተዋሂቡዎ፡ ምስኡ ስሳ ሊጋዕ (ከወልዳ ዝቖረባ ኣላሕም) ዝበታ ፈውሲ ሓቢ፡ እንተላም ቅብኦ (በብእዋኑ ዝውሃብ) ብማይ መስኖ ዝለምዕ ቦታ ኣትክልትን ሓጋይ ምስ ክረምቲ ምህርቲ ዝሕፈሶ መጠን 60 ግራውትን

(ሓይሮን ሳዕስዓን) ይዝርዝር። "ወሀብኩ አነ ይርድአነ ክርስቶስ ዓቃቤ ሰዓተ መጣዕ ገራውህ በቢሐት ፴፪ ... ወሀብኩ ለመጣዕ ለመባእ ዘወሀበኒ በዓለ ምድራ ሠሚሮ ወፈቲዎ ወልደ ማእከለ..." "ኣነ ይርድኣነ ክርስቶስ ዝተባሃልኩ ዓቃብ ሰዓት እንዳ'ባ መጣዕ፡ ዋና መሬት ዝኾነ ወዲ ማእከለ ብፍቓዱን ብድልየቱን ኣብ ቢሓት ዝሃበኒ 32 ግራውቲ መባእ ንመጣዕ ሂበዮ ኣሎኹ፡" ዝብሎ ሓደ መግለጺ ካብ ውህብቶ ጕልትታት ኢዩ።[64]

<u>**ገዳም ኣቡነ ኣብሳዲ ደብረ ማርያም ቈሓይን፡**</u> ካብ 116 ዝበዝሓ ዓድታት ጕልቲ ብዝርዝር ተመዝጊቡ ይርከብ።[65]

<u>**ገዳም ኣቡነ መርቆሬዎስ ደብረ ድማኅ (ከባቢ ዓረዛ)**</u> "... ንጽሕፍ ዜና ተመጥዎቱ አህጉረ ወበሐውርተ አቡነ መርቆሬዎስ ... ወኮና ጕልቄን ፹ወ፭ቱ ..." "ኣቡነ መርቆሬዎስ፡ ቍጽሪን 85 ዝኾና ዓድታትን ከባቢታትን ከም ዝተቐበለ ታሪኽ ንጽሕፍ፡" ይብል።[66]

<u>**ገዳም ኣቡነ ኣብራንዮስ ደብር ጥሉል (ጥቓ ተራ እምኒ)**</u> "...የሃብዎ ለአቡነ አብራንዮስ ጕልተ ግብራ፡ ፩ እንተላም፡ ፪ ፈርጊ፡ ፫ ወሮሙ፡ ፬ ሓዚላ፡ (ትትዮ፡ ጥቕላል ፍሕሶ ዘይተኣልመ ጸጕሪ በጊዕ ንወሮሙ ዝኸውን) ፫ ገበታ ካዕቦ ጕደል፡ ፭ ሶር (ተስቶት ኣብዑር) ወተተክለ አብነ ጕልት ... ውስተ ዐፀደ ቤተ ክርስቲያን...።[67]

<u>**ገዳም ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት ዘመረታ (ወገሬቕ፡ ሊባን)**</u> ... ካብ በበይኑ ቦታታትን ዓድታትን ብድምር ክልተ ገበታ እኽሊ፡ ንፍቂ ጠስሚ፡ መገስ ከም ዘርኡ፡ 25 እንተላም እኽሊ፡ 13 ፈርጊ፡ 20 ዓለባ ወዘተ. ንዓድታት ንነፍስ ወከፈን ዘዝበጽሐን ተሰሊዑ ኣብ

64 ወንጌል ወርቕ ብራና ደብረ ሊባኖስ ኣሃም

65 ገድለ ኣቡነ ኣብሳዲ፡ ብራና መጽሓፍ ደብረ ማርያም ቈሓይን

66 ገድለ ኣቡነ መርቆሬዎስ ብራና መጽሓፍ ደብረ ድማኅ

67 ገድለ ኣቡነኣብራንዮስ ብራና መጽሓፍ ደብር ጥሉል





ጽሑፍ ይርከብ።[68]

እንዳ ስላሴ ገዳም ጻዕዳ እምባን ደብረ ጽጌ ወገሬቆ እንዳ ኣቡነ ተክለሃይማኖትን (ሊባን) ክፋሉ ብሓባር ዝጥቀማሉ ኣብ 17 ከም ብሓድሽ ከኣ ኣብ 18 ዘመን ዝተጐለተ፡ 15 ዓድታት ነበረ።[68.1]

ካልኦት ገዳማትን ካልእ ዓይነት ውህብቶን ትሕዝቶ መሬትን ብወርቂ ተዓዲጉ፡ ብኑዛዜ (ለበዋ) ተመሓላሊፉ ዝተወፈየለን ርስተ መሬት፡ ስለስ መሬት ወዘተ. ዝተዓደለን በብቦታኡ ኣሎ። ንኣብነት፡ ገዳም ደብረ ቢዘን ካብ ብዙሓት ዓድታት ኣብ ዓመት 33 ኣፍራስ ብኻልእ ለውጢ ትረክብ ነበረት።[68.2] እንተ ኾነ ከም መጠን ብዝሕን ስፍሓትን ጕልቲ ገዳማት ብሓቂ ይጥቀማሉዶ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ መዓላ ማሕበረ መነኮሳትዶ ይውዕል፡ እንተ ተባህለ ሕጂ'ውን ከምኡ ከም ዘይኮነ ካብቲ ጕልቲ ዝተጻሕፎ መዝገብ ምርዳእ ይክኣል።

ንምሳሌ፡ ጕልተ መሬት ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ፡ እቲ ዝተዋህበ ዕድሎት መሬተ ጕልትታት፡ ብሰበ ስልጣንን ብተወፋሮን እናተ ነከየ መሊሱ ብመጠኑ እናተመልሰን እናተወሰኸን እንደገና እናተ መንጠለን እናተሓደገን፡ ከም ብሓድሽ ብኻልኦት እናተዋህበን ብዙሕ ውረድ ደይብ ኣሕሊፉ፡ ኣብ 1305፡1319፡ 1320፡ 1329 ዓመታተ ፈረንጂ ጥራሕ ኣርባዕተ ጊዜ ተሓዲጉ ጸኒሑ ከም ዝተ መልሰ ጽሑፍ ይነግር።[69]

ሓደ በዓል ስልጣን ዝእዝዝ ካልእ ዘሕድግ ጕልተ መሬት፡ ዋላ'ኳ ጸኒዑ ንኽነብር ተባሂሉ ወሃብ ጕልቲ ምስ ገለ መራሕቲ

68 መጽሓፈ ስንክሳር ብራና ናይ 17 ዘመን ወገሬቕ

68.1 CARLO CONTI ROSSINI STUDI SU POPOLAZIONE DELL' ETIOPIA 1914 P. 616

68.2 ፍራንቾስኮ ኣልቫረጽ ምዕራፍ 15

69 ወንጌል ወርቕ ብራና ደብረ ሊባኖስ ኣሃም

ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ብኣዋጅ እንተ ለፍለፈ፡ ንስሙ ደኣ'ምበር ኣብ ቅድሚ ሓያል ዝጸንሕ ስለ ዘየሎ፡ ካብ ምምንዛዕን ምሕዳግን ኣይተርፍን። ምስኡ ኸኣ እብየ ጉልተይናታት ሓረስቶት ኣለዎ። ኣብ ርእሲኡ፡ መነኮሳት ዝሓለፈን ዝተረፈን ዘይጸባጸቡ ብዘለዎም መንፈሳዊ ዕላማን ብርሕራሔን ዝሃቡዎም ዝቐበሉ፡ ብኡኸኣ ንጋሻ ዘማቕሉ፡ ንደሓር ዘይብሉ ስለ ዝኾኑ፡ እቶቶም ኣይከም ብዝሑን ስሙን።

ኣድባራት ወቐሽታት፡ ናይ ገጠር ኣብያተ ክርስቲያንን ካህናተንን ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ በበይኑ ዓይነት ስርዓተ ማሕድሮ፡ መምስ ኩነታት ከባቢኡ ዝኸይድ ኣገባብ ኣነባባር ቤተ ክርስቲያን ዘለዎ ተጠቓሊሉ ክርአ ኸሎ፡ ዓለማዊ ኣከያይዳኡ ብሓልዮትን ክንክንን ዓዲ፡ መመሓደሪ ቤተ ክርስቲያን ዝምደበሉ ኮይኑ ይርከብ።

ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን፡ ኩሉ ኣድህቦኦም ናብ ዕዮ ቤተ ክርስቲያን ምእንቲ ክኸውን ሕዝበ ክርስቲያን ብንዋትን ብመሬትን በብኽእለቱ ኣዋጺኡ ብጽሒቶም ስራሑን ኣጣጢሑን ብምዕሩይ ናብራ ዝመሓዳደሩሉ መምርሒ ኣቐሙ የነባብሮም።

ሜላ ሕርሻን መሳርሒኡን ኣብ ዘይማዕበለሉ ዘመንን ከባብን ከይተረፈ ዝርካቡ ብሕርሻ ተፈቲኑ ፍረ ዝርከቦ መሬት ተመሪጹን ካብ ትሕዝቶ ማይ ቤታት ወይ እንዳታት ተዋጺኡን ንውሽጣዊ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያንን (መዐደጊ ንዋያተ ቅድሳት፡ መባእ፡ መባርህቲ፡ ኣልባሳት..) ንማሕድሮ ቤተ ክህነትን ይምደብ። ጻዕቂ ሕዝብን ጽበት ዝሕረስ ፍርያምን ቀረባን ቦታ ኣብ ዘጋጥመሉ ጊዜን ክልልን'ውን መሬት ሕርሻ ብእጃታ፡ ብርስቲ (ጽልሚ) በብእንዳታት ክመቓቐል ከሎ ቤተ ክርስቲያን ከም ሓደ ነገድ (እንዳ) ተቘጺራ ንመነባበሪኣ (ንኣገልግሎትን ኣገልገልትን) ዝኸውን ርስቲ ብማዕረ ትምቀል። ድሕሪ መቐሎ እንተ ኾነ'ውን ካብ እንዳ (ነፍስ ወከፍ ማይ ቤታት) ግራት፡ ተዋጺኡ፡ ንሓለዋኡን ንዕዮኡን ማእከልን ቀረባን ዝኾነ ከባቢ ተሓርዩ ይውሃብ።





ፍሉይ መሬት ማሕድሮ ዘይመደባ ዓድታት ከኣ ኣገልገልትን ሰድራኦምን ካብ ዝኾነ ዓዳዊ ኽፍሊት፡ ውጽኢት፡ ግብርን እዝታትን ናጻ ኾይኖም ከገልግሉ ብጽሒቶም ብጉልበትን ብንዋትን ዓዲ ይሸፍነሎም። ከም ሃገሮም ማዕረ ደቂ ዓዲ፡ ጥራሕ ግራት ይረኽቡ። ወይ'ውን ሓለፋ ገባር ተወሳኺ ግራት ይድረበሎም።

ብሓፈሻ ቤተ ክርስቲያንን ኣገልገልታን ዝረኸብዎ ርስተ መስቀል፡ ስሉስ መሬትን ካልእ ሓለፋታትን ተደማሚሩ ኣብ ጠቕላላ እቶት ዝኾነ ዓዲ ዓቢይ እጃም ይሕዝ ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

ንቤተ ክርስቲያን ዝምደብ ፍሉይ ርስተ መሬት ውሉደ ክህነት ኣብ ኣገልግሎት ክሳዕ ዘለው ጥራሕ ዝጥቀሙሉ'ምበር ንሓዋሩ ዝተሓዝን ናብ ውላድ ዝመሓላለፍን ውርሻ ኣይኮነን።

ኣብ ዝኾነ ኸባቢ፡ ኩሉ ኣገልጋሊ ዝረኸቦ ምስ ምብዛሕን ምውሓድን ኣባላት ቤተ ክህነት ይዕበ ይንኣስ እናተኸፋፈለ ናይ ዝሓለፉ እናተረከበ፡ ንሓደስቲ እናተዓደለ ውሽጣዊ ዴሳ ወይ'ውን ሓንሳብ ምስ ተኸለለ ምስ መሬት ዓዲ ዘይተሓዋወስ በይናዊ ስርዓተ ትሕዝቶ መሬት ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ይነብር።[70] ኣብዚ ምትሕግጋዝን ምንብባርን ማሕድሮ ቤተ ክርስቲያን ሓሓሊፉ ሰበ ስልጣን ሹመይናታት ኣበርኪቶ ይገብሩ ኔሮም ኢዮም። ንምሳሌ ኣብ ዳምባ ምጭ (ደቡብ) ዝተባህለ ደብሪ ናይ 1374 ዓ.ም.ግ ከምዚ ዝስዕብ ንባብን ኣገባብን ይርከብ።

> "ወንሕነኒ ካህናቲሃ ለዛቲ ቤተ ክርስቲያን ወዲያቆናቲሃኒ ተጋባእነ ኵልነ ወኃበርነ ከመ ንጽሐፍ ዘገብረ እግዚእነ ገብረ ክርስቶስ ... አዘ ከመ የሀቡ ለዛቲ ቤተ ክርስቲያን ለሲሳየ ካህናት እምጽንፋ ለደቡብ፡ ወኵሉ በሐውርት ወአዕጻዳቲሃ ለኵላ መራጉዝ ወኵሉ በሐውርቲሃ ለማየ ፃዕዳ እምጽንፋ እስከ መረብ ዘታብር

70 Land Tenure on the Eritrean Plateau Brtish Military Administaion 1944. p. 22.

እም ፩ ብሔር ለለ ፩ዱ ገባር በበ፱ቱ መስፈርተ ጎሞር ዘይብልዎ ገበታ ... ለለ ዓመቱ የሀቡ ኵሎሙ እለ ይትጌበርዋ ለምድር ... ወለሊሁኒ ሠርዐ ለነ ዓሥራተ እክል እምነ ቤቱ ወእምነ ኵሉ እክል ዘያመጽኡ ግብረ ፱ እድ ሎቱ፡ ወዓሥራ ለካህናት እምኵሉ በሐውርት ዘያበውኡ ሕዝብ ግብሮሙ።”

“ንሕና ካህናትን ዲያቆናትን እዛ ቤተ ክርስቲያን (ዳምባ ምጭ) ኵልና ተኣኪብና ጕይታና ገብረክርስቶስ (ሹም ሰራየ) ዝገበሮ ክንጽሕፎ ተሰማሚዕና ... (ንሱ) ንቖለብ ካህናትዛ ቤተ ክርስቲያን ካብ ጫፍ ደቡብ ክሳብ መረብ ናይ ሸነኽ ታብር (ብደቡብ ገምገም መረብ ንትግራይ ዘብል) ኵሉ ከባቢታትን ዓድ ታትን መራጕዝን ከባቢታት ማይ ጻዕዳን በብዓዱ (በብኸባቢኡ) ነፍስ ወከፍ መሬት ዝሓርስ ገባራይ ገበታ ዝብሉዎ በብ4 መስ ፈር ጎሞር፡ (1 ጎሞር፡ 4 ኪሎ ኣቢሉ፡ 1 ገበታ ኣስታት 20 ኪሎ) ኣዋጺኦም ክህቡ ኣዘዘ። ባዕሉ ኸኣ ካብ ገዝኡን ካብ ኵሉ እኽሊ ግብሪ ዝኸፍሉዎን ዕሸር ሰርዓልና። ካብ ብምሉኡ ዓድ ታት (ከባቢታት) ሕዝቢ ዘእትዉዎ ግብሪ ትሸዓተ ኢድ ንዕኡ፡ ዓስራይ ኢድ ንካህናት መደበ።”[71]

ብሌን ሰገደ ሥዩመ ሠራዌ (ሹም ሰራየ፡ 14-15 ዘመን) ብወ ገኑ ኣብ ከባቢታት ማይ ጻዕዳ ዝነበረ መሬት፡ ሲሶ ንሕዝቡ ሲሶ ንቤተ ክርስቲያን ዓዲ፡ ሲሶ ንገዳም ደብረ ጽጌ እንዳ ኣቡነ ዮናስ ላዕላይ (ተኸላ) ኣከፋፊሉ ሕዝቢ ሓሪሶም ካብ ፍርያቱ ነቲ ገዳ ምን ደብርን የረክቡ። እዚ ዓይነት ትሕዝቶ መሬት ድማ ኢዩ ስሉስ መሬት ዝብሃል።

ዘመነ ምስፍና ክብሃል ዝክኣል፡ ብዝያዳ ካብ ማእከላዊ መዋ ዕል እናገስገሰ ዝመጸ ኣገባብ መቐሎ መሬትን መዓላ ንበበይኑ መንፈሳውን ማሕበራውን ኣገልግሎትን ዝውዕል ኣብ መብዛሕትኡ ኣድያማተ (ዘባታት) ኤርትራ ብተመሳሳሊ ስርዒት መሬት ምክ

[71] ወንጌል ብሩና ዳምባ ምጭ።



ታሪኽ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

ያዱ መንፈሳዊ ስርዓታት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ቅዲ ዓለማዊ ምስ ትንባርን ምምሕዳርን ኣበርኪቶ ከም ዝነበሮ፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ሕዝቢ፡ ኣምሳል (Model) ኮይኑ ከም ዘገልገለ፡ ስርዓተ ትሕዝቶ መሬት ሃገርናን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ዝርከብ መርሓ መቐሎ መሬትን ዘለዎ ዝምድና የረድእ (ኢያሱ 21፡1-42። ሕዝ 48፡8-22)

## ቤተ ክርስቲያንን ተጋድሎኣን

ምሉእ መዋዕላ እናተጋደለት እትነብር ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ማእከላዊ ክፍለ ዘመናትውን ብዙሕ ምዕባለኢ እንተርኣየት ካብ ዕንቅፋትን ተጋድሎንስ ኣይተናገፈትን። ብዘይካ'ቲ በብጊዜኡን በብመዳዩን ብተጻባእቲ ቤተ ክርስቲያን ዘጋጥም ዝነበረ ፈተነ ተቓርኖ፡ ብግራኝን ሰዓብቱን ዝፍለጥ ኣንጻር ቤተ ክህነትን ቅርስታት ቤተ ክርስቲያንን ዝተኻየደ ኣልማማ ወራር (1529-1544 ፈ.) ኣብ ኢትዮጵያ ገዳማት ወኣድባራት ኣብሪሱ ናብ ኤርትራ ብምስጋር ተደጋጋሚ ስዕረት የጋጥሞ እምበር፡ ሓሓሊፉ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ኣውራ'ኳ ኣብ ምድሪ ሰራየን ሓማሴንን (1534-1535 ፈ.) ኣዳህሊሉ እናወረረ ኣብ ኣብያተ ክርስቲያን ጉድኣት ኣውረደ። ገለ ኣብነታት፡ “በ፻፹፰ ወ፰ቱ ሰቤሃ ተተኰሰ ድባርዋ ...” “ብ188 (1528 ዓ.ም.ግ) ድባርዋ ተባሪዓ” ይብል ጽሑፈ ታሪኽ።

ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን ኣስመራ'ውን ብኡ ጕድኣት ወሪዱዋ ነበረ።

ግዳ መብዛሕትኡ ጊዜ ይሰዓር ስለ ዝነበረ፡ ሓገዝ ቱርካውያን ንምርካብ ናብ ባሕረ ሕርጊጎ ሃደመ።[72]

ብኣቡነ መርቆሬዎስን ደቀ መዛሙርቶምን ዝተመስረተ ገዳም በርበር ዘጌ (ኮዶ ፈላሲ) ብሓደ ንዕዊ መስፍን ናይቲ ኸባቢ ኣብ

[72] ኢ.ታ. ገጽ 1461-162። * ታ.ኢ. ገጽ 62። * ሀ.ደ.ኤ. ገጽ 49።

መበል 16 ዘመን ብዝወረዶ ሓደጋ፡ 125 መነኮሳት ተቐቲሎም እቲ ገዳም በረሱ ነበረያ ነበረ ኾይኑ።[73]

ሓደ ዓሳዊ መሰፍን ምስ ብጾቱ፡ ኣብ መበል 14 ዘመን ንደብረ ኮል፡ ገዳም ኣቡነ ቡሩኽ (መራጉዝ) ወሪሩ ንመስራቲ እቲ ገዳም ኣቡነ ቡሩኽን ሓንቲ ኢታይ እትርከቦም 13 ኣበው መነኮሳትን ቀቲሉ ነቲ ገዳም ኣበሳበሶ።

ኣብ መበል 13-14 ዘመን ዝተተኸላ ኣብ ከባቢ ድባርዋ ዝነበራ ኣብያተ ክርስቲያን ካብአን ሓንቲ ገዳም ደብረ ኣግድ (ዓዲ ነኣምን) ብመሰፍን ናይቲ ኸባቢ ዓንዩ መነኮሳቱ ተቐቲሎም ድሕሪ 3 ዓመት ተጣይሱ ነበረ።[74]

ብ3 መጋቢትን ብ20 ግንቦትን 1459 ዓ.ም.ግ ብኢክርስቲያን ተቐማጦ ኸባቢ መሬት ደብረ ቢዘን ንብረት እቲ ገዳም ክልተ ሳዕ ተወሪሩ 10 መነኮሳት ደብረ ቢዘን ሰማዕትነት ተቐቢሎም።[75]

ናይዚ ቐረባ መዋዕል ክይተረፈ፡ ኣብ ደብረ ጽጌ ገዳም ኣቡነ ዮናስ (ተኸላ) ዘጋጠመ ዘመተ ንብረትን ምክልባት ሰባትን ታሪኽ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

> "ወአጥፍአ ለጺ ሠራዊ ዘንተ፡ ደበብ ርጉም በከመ ይቤ መጽሐፍ እስመ ሰሙ ይመርሕ ኃበ ግብሩ ... ወእንዘ ይገብሩ ተዝካረ አቡሆሙ መጽአሙ ወማህረከ ኵሎ ንዋዮሙ ወአልቦ ዘአትረፈ ኢ.ም ንተኒ እምንዋየዝ ዓለም ወዘመጽአሙ አመ ፲ወ፱ ለመጋቢት ወዕለቱሰ ዕለተ ሐሙስ፡ ወወሰድዎሙ ለአበው ወለአቡሆሙ ወልደ ዮሐንስ፡ ወይቤልዎ ለአቡነ ወልደ ዮሐንስ አምጽእ ወርቀ (ወይቤሎሙ) አልብየ ወርቅ፡ ወወሰድዎ እስከ ጽንፈ ምጽዋዕ ዘስማ ሰገነይት፡ ወወፅአ በኃይለ እግዚአብሔር ምስለ አርዳኢሁ መነኮሳት ወገብኡ ብሔሮሙ፡ ወነበሩ ደቂቀ ዮናስ በፍቅር ..."

"ከምቲ ስሙ ንተግባሩ ይመርሖ ዝበሎ እቲ ርጉም ደበብ ዝብሃል ን7 (ኸባቢ ታት) ሰራዊ ኣዕነወ (ፈለስቲ ደብረ ጽጌ) ዝኸሪ ኣቦኦም (ኣቡነ ዮናስ 17 መጋቢት ግእዝ) ኣብ ዝገብሩሉ ጊዜ መጺኡ ኣብ ዓለም ካብ ዝጥረ ንብረት ሓንቲ ከይገደፈ ኵሉ ንብረቶም መንዝዐ። ዝመጸሉ ዕለትን መዓልትን ሓሙስ 19 መጋቢት (18 ናብ 19 መጋቢት ግእዝ ዘውግሕ) ኮይኑ፡ መሊሱ ንኣባ ወልደ ዮሓንስ (ኣበ ምኔት፡ መራሒ) ገንዘብ ኣምጽእ ምስ በሎም (ሽዑ ባጤራ ቕርሺ ማርያ ቴሬዛ ይስርሓሉ ነይሩ) የብለይን እንተ በሉዎ፡ ምስ ኣቦታት መነኮሳት ንሽነኽ ምጽዋዕ ክሳብ ሰገነይቲ ወሰዶም። ግዳ ብሓይሊ እግዚኣብሔር ወጺኦም ኣባ ወልደዮሓንስ ምስ ሰዓብቶም ናብ ዓዶም ተመልሱ (ካብኡ) ደቂ ኣቡነ ዮናስ (ብመንፈስ) ብፍቕሪ ተናበሩ።[76]

## መጠቓለሊ ሳልሳይ ምዕራፍ፡

ካብ መበል 12 ክሳዕ 16 ዘመን ዘጠቓልሎ ጉዕዞ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ብሓፈሻ ክግምገም ከሎ የጋጥም ንዝነበረ ጸገማትን መሰናኽላትን ብምምካት ዕቤት ክርስትና ብጽፉፍን ብስሉጥን መልክዕ ዝተኻየደሉ መንፈሳዊ ምዕባለ ብቕልጡፍ ዝሰጎመሉ፡ ብርሃናዊ ክፍለ ዘመናት ነይሩ ክብሃል ይከኣል።

---

73 ኢ.ሚ.ክ.መ.ቃ. "በ" ገጽ 4 "ዓ" ገጽ 64።
74 ኢ.ሚ.ክ.መ.ቃ. "የ" ገጽ 17 ።"በ" ገጽ 8፡ 35፡ 88። "ተ" ገጽ 177። "ከ" ገጽ 66፡ 170።
75 ኢ.ሚ.ክ.መ.ቃ. "ዓ" ገጽ 42-43 ፡ ገጽ 58። "ዘ" ገጽ 76-77። ገጽ 66፡ 170።

76 ዜናሆሙ ለአበው መነኮሳት፡ ብራና መጽሐፍ ደብረ ጽጌ (ተኸላ)